ፍኖተ-ብርሃን

FENOTE-BERHAN No. 489 (April 2011) Published by The Eritrean Orthodox Church Diocese of North America

ብሓልዮት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፡ ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣመሪካ፡ ንምእመናን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንመሃብ፡ ብትግርኛን እንግሊዝኛን እትሕተም ጋዜጣ።

ሚያዝያ 2003 ዓ.ም . (2011) ቁ. 489 መበል 59 ዓመት

እዋናዊ ኣርእስቲ

ክርስቶስ ተንሥኣ እሙታን። ብሓቂ ተንሢኡ።

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣ ም ላ ክ ኣ ሜ ን ። ፍትዋት ኣኀዋተይ ካህናት፡ ዲያቆናትን ምእመናንን፡ እንቋዕ ናብ እዚ ርእሰ በዓላት ዝኾነ በዓል እዚ ብሰላም ኣብጽሓና ኣምላክ። በቲ መጀመርያ ዘመን ክርስትና ዝነበሩ ሰባት፡ ስለ ትንሣኤ ካብ ምዉታት ኪንገሮም እንከሎ፡ ገለ ይሳለቑ (ይሕጭጩ) ነበሩ (ግብ.ሓዋ. ፲፯፡፴፪)። ይኹን ደኣ እምበር ካብ እቶም መራሕቶም እኳ በቲ ትምህርቲ እቲ ደኣ ይኣምኑ ነበሩ (ግብ.ሓዋ. ፲፯፡፴፬) ። ገለ ከኣ ንምንታይ ክርስቶስ ካብ ምዉታት ተንሢኡ፡ ተባሂሉ ትምህርቲ ተዋህበ ኢሎም ነቢታትና ሓዋርያት፡ ኣብ ሓለዋ (ማእሰርቲ) ዘእተዉ፡ ዘጠንቀቑ፣ ዝገረፉ ነበሩ። ቁጽሪ እቶም ኣመንቲ ግና ፴፲ (3000) ኮነ (ግብ.ሓዋ. ፪፡፵፩። ተቓውምኦም ግና ቀጸለ ቁጽሪ ኣመንቲ ክኣ ፶፲ (5000) በጽሐ (ግብ.ሓዋ.፬፡፬)። ሓደ መዓልቲ ንሓዋርያት ንምቕታል (ግብ.ሓዋ. ፭፡፴፫) ዕዉር ብምራን፣ ሓንካስ ብምንርኩስ ተኣከቡ፣ ሓዋርያት ካብ ሓለዋ ብህጹጽ ተጸውው። ብዙኃ ወቀሳታት ተዘርበ። ከይጸበበ ኣይርሁን እዩ እሞ፡ ኣብ እዚ ኩሉ ጸበባ እዚ፡ ኣይሁድ ዝኣምንዎ ሰብ ንሓዋርያት ዚሕለቕ ሕግን ፍትሕን ዝኽእልን ዝፈልጥን ነታ ሓቂ ዚፈልጣን ዚገብራን እተማህረ ሰብ (ሂለል ሃዛቀን) ዝኾነ መምህር ኦሪት ገማልኤል ተላዒሉ፡ እዚ ምኽሪ እዚን እዚ ግብሪ እዝን ካብ ሰብ እንተ ኾይኑ ክፈርስ እዩ፡ ካብ ኣምላኽ እንተ ኾይኑ ግና ግብሮም ከተፍርሱ ኣይትኽእሉን ኢኹም ምስ ኣምላኽ ከይትበኣሱ(ግብ.ሓዋ. ፭፡፴፱-፴፱)። ብካልእ ጊዜ ከኣ ወዲ ጠርሴስ ካብ ነገደ ብንያም ተመሃሪ ገማልኤል (ግብ.ሓዋ.፳፪) ዝኾነ፡ ሳውል ኣነ እንከለኹ እዚ ሃይማኖት እዚ ኣይነብርን እዩ ኢሉ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነብሩ ዝነበሩ ውሒዶም ናብ ደማስቆ ጎየየ። ካብ ሊቃነ ካህናት ነታ ማኅበር ከጥፍእ ፍቓድ ተቐቢሉ (ገላ.፩፡ ፲፫- ፲፬፡ ግብ.ሓዋ. ፱፡፪)(ልቢ ጎበዝ ኣብ ደረቱ ከምዝበሃል)ሰባት ንኽኣስር ናብ ደማስቆ ከደ። ሊቃነ ካህናት፣ ሰብን ስንቅን ከይወሰኹሉውን ኣ ይ ተ ር ፉ ን ። ኃይሊ ኣሎኒ ኢሉ ካብኡ ዚኀይል ኣብ መገዲ ተጸበዮ። ጐይታና፣ ርእይዎ ዘይፈልጥ ሰማያዊ ባውዛ ፈነወሉ። እዚ ጥራሕ ኣይነበረን ነቶም ምእመናን ዘፋጥጠሎም ዝነበረ ኣዕይንቱ ብርሃኑ ተሰወረ። በቲ ምእመናን ኪኣስረሉ ኢሉ ኀዝዎ ዝነበረ ገመድ፡ ተመሪሑ ናብ ከተማ ደማስቆ በጽሐ (ግብ. ሓዋ. ፱፡፰)። ወዮ "እሩቅ ብእሲ" እዩ፣ ኣይተንሥኣን፣ ዝብሎ ዝነበረ ጐይታና ድማ ከም ዝተንሥኣ ኣረጋገጸሉ። ጉያኡ ክሳብ ዚውድእ፡ ምእመናን ንምብዛኃ ጐየየ (፪ጢሞ. ፪፡፲)። ወዮም ብዝተንሥኣ ጐይታ ዝኣምኑ ከኣ ቁጽሮም ኣእላፋት እናኾነ ከደ (ግብ.ሓዋ.፳፩፡፳)። በዓል ትንሣኤ ከምቲ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ዝበሎ ርእሰ በዓላት እዩ። ኣልኣዛር ካብ ምዉታት እንተ ተንሥኣ ነዓ ውጻእ ተባሂሉ እምበር ባዕሉ ኣይተንሥኣን። (ዮሓ.፲፩)። ኣቦታትና ሓዋርያት ናብ ሥራሕ ቅድሚ ምውፋሮም ንሓዋርያ ማትያስ ኣብ ክንዲ ይሁዳ ዝመረጽዎ ብትንሣኤ ክርስቶስ ንኽምስክር እዩ (ግብ. ሓዋ.፩፡፳፪)። ኣብዚ ኣብ ትንሣኤ ለይቲ እተሰምዕዎ መልእኽቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ (፩ ቈሮን ፲፭) እቲ ኩሉ ምሳሌ ሂቡ ዝተጻሕፈ ንትንሣኤ ንምብራህ እዩ። ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ከኣ ነቶም ካብ ፍልስጥኤም ወጻኢ ዝነብሩ ዝነበሩ ክርስቶስ ሓ ን ሳ እ ስ ለ ኃጢኣትና ብሥጋ ሞተ ብመንፈስ ግና ሕያው ኮነ ኢሉ ዝተጻሕፈሎም (፩ጴጥ.፫፡፲፰)ነኣና'ውን ትምህርቲ ኮይኑና ኣሎ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ተማሃሪኡ ቅዱስ ጢሞቴዎስ ኣብ ዚጸሓፎ መልእኽቱ ከምዚ ይብል። "ነቲ ከም ወንጌል ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝኰነ ካብ ምዉታት ዝተንሥኣ የሱስ ክርስቶስ ዘክሮ።"(፪ጢሞ.፪፡፰)። ቅዱስ ዮሓንስ ሓዋርያውን ኣብቲ ዝጸሓፎ መጽሓፈ ራእይ ፩፡፲፰። "ኣነ እቲ ቀዳማይ እቲ ሓያውን እየ እሞ፡ ኣ ይ ት ፍ ራ ሕ ። ሞይተውን ነበርኩ እ ነ ሆ ከኣ ንዘለዓለም ዓለም ሕያው እየ።" እቲ ዝጥመቕ ሰብ ኩሉ ከኣ ብትንሣኤ ምውታን ክኣምን ኣለዎ። ኣብቲ ጸሎተ ሃይማኖት "ወንሴፎ ትንሣኤ ሙታን" ብትንሣኤ ምዉታን ተስፋ ንገብር"። እንብሎ፡ እቲ ትንሣኤ ዓቢይ መልእኽቲ ስለ ዝኾነ እዩ። ጽቡቕ በዓል ይግበረልና ኣምላኽ። ነደ ሥዉዕ፡ ኃፍቲ ሥዉዕ፡ ጓል ሥዉዕ ጽንዓት የሃበልና ኣምላክ። ነፍሲ እቶም ሥ ዉ ዓ ት ይ ም ሓ ረ ል ና ። ዝጐዩ መንእሰይ፡ ዝመክር ዝገንሕ ዘጸናንዕ ሽማግለ፡ ፍርዲ ዘየጉድል በላዕቲ ጉቦ ዘርሕቕ መራሕ ሃገር ኣየጥፍእ ኣምላክ። ብ ጸ ሎ ት እ ዞ ም ኣ ቦ ታ ት ። ፖፕ ሺኖዳ 3ይ ናይ እስክንድርያ። ቀዳማይ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ፓትርያርክ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ። ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኩልና ይኩን።

መቃርዮስ ኣቡን።

ኦ ኀይታ ኣብታ ትመጽእ መንግሥትኻ ዘክረኒ!

ሉቃ 23፡42

ኣብዚ ክቡር ቅንያት በዓለ-ስቅለትን ትንሣኤ ኢ የ ሱ ስ ክርስቶስን ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ክ ር ስ ት ና ክ ዝ ክ ሮ ን ክ ስ ተ ን ት ኖ ን ዝግባእ ኣገዳሲ መ ን ፈ ሳ ዊ መልእኽቲ ኣሎ። ንሱ ድማ ኩሉ ወዲ ኣዳም ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፣ ካብ ኃጢኣት ናብ ምሕረት፣ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ከም ዝ ተ ሳ ገ ር ና ክንፈልጥ የድሊ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ቅዱስ ጽሑፍ "ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ፣ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፣ ..... ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፣ መቐጻዕቲ ናብኡ ወረደ፣ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዊና" ከም ዝበሎ፡ እዚ ኣዋጅ ብሥራት ናይ ምሕረት ከኣ መድኃኔ_ዓለም ኣምላኽና ዝሃበና ሰማያዊ ጸጋ እዩ። ኢሳ 53፡4። እዚ ኣብ ኣርእስቲ ተጠቒሱ ዘሎና "ኦ ኀይታ ኣብታ ትመጽእ መንግሥትኻ ዘክረኒ" ዝብል ጸሎት ናይቲ ብየማን ኀይታ ዝተሰቐለ ሽፍታ ዝለመኖ ግሩም ጸሎት እዩ። በዛ ሓጻር ጸሎትን ናይ ኣምላኽ ምሕረትን ከኣ ኣብ ገነት ከም ዝኣተወ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ይነግሩና። ኩሉ ግዜ ኣብ ንገብሮ ጸሎተ-ቅዳሴ ድማ ነዚ ጸሎት እዚ ደጋጊምና ኢና እንጽልዮ። ንምኗኑ እዚ ብየማናይ ኀድኒ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቐለ ሽፍታ እንታዋይ እዩ? ከመይ ኢሉኽ ምሕረትን በረኽት-ገነትን ክወርሥ ከኣለ? ንዝብሉ ሕቶታት ብዓቕምና ገለ ክንዝርዝር ክንፍትን ኢና።

ኣብ ቅዱስ ወንጌል ብዛዕባ ስቕለት ኀይታ እንተ ኣንበብና፡ ብዕለተ ዓርቢ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ክስቀል ከሎ፡ ክልተ ሽፋቱ ሓደ ብየማኑ ሓደ ከኣ ብጸጋሙ ከም ዝተሰቐሉ ይሕብረና። እዞም ምስ ኀይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቐሉ ክልተ ሽፋቱ፣ ንሓያሎ ዓመታት ግዚያዊ ረብሓ ክረኽቡ ክብሉ ሓቢሮም ሰባት ኣብ ምኽታርን ኣብ ምቕታልን ተዋፊሮም ዝነበሩ ዓመጽቲ እዮም። ይኹን እምበር 'ኩሉ መዓልቲ ደሓን፡ ሓደ ማዓልቲ ግና ዘይደሓን' ከም ዝበሃል እዞም ክልተ ከተርቲውን ሃንደበት ኣብ ኢድ ወተሃደራት መንግሥቲ ስለ ዝወድቑ ብዝገበርዎ በደልን ዓመጽን ንሞት ተፈርዱ።ሞቶም ከኣ ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ክስቀሉ ተወሰነ። ግናኸ ቀዳዊኻ ቀብሪ ኣሎ፡ ጎዳኢኻውን መርዓ ኣሎ፡ ዝብል ምስላ ከም ዘሎ፡ ነቲ ብየማን ዝነበረ ጨጦስ ዝበሃል ሽፍታ ብሥጋዊ ሞት ዘለዓለማዊ ሕይወት ንኽወርሥ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ናይ ንስሓን ምሕረትን ጊዜ ኮነሉ። እቲ ብጸጋም ዝነበረ ዳክርስ ዝበሃል ሽፍታ ግና "ንስኻ ክርስቶስ እንተ ኾንካስ ንርእስኻን ንዓናን ኣድኅን" እናበለ ይጻረፍ ነበረ። እቲ ብየማን ዝነበረ ካልኣዩ ግና "ኣታ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ፍ ር ዲ ከ ሎ ኻ ኸ ኣ ም ላ ኽ ዶ ኣይትፈርህን ኢኻ? ንሕናስ ብ ሓ ቂ ብ ግ ብ ር ና ዚ ግ ብ ኣ ና ተፈዲና" 'እዚ ግና ሓንቲ ክፍእቲ እኳ ኣ ይ ግ በ ረ ን ኢሉ ገሰጾ' ይብለና። ሉቃ 23፡42።

ኀ ይ ታ ና ኢ የ ሱ ስ ክርስቶስ "ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝተኣመነኒ ኩሉ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎኣቦይ ክእመኖ እየ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝኽሓደኒ ግና፡ ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክኽሕዶ እየ" ከም ዝበለ ንዝከሮ ኢና። ማቴ 10፡32። በዚ መሠረት እዚ ሽፍታ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ህዝቢ ስለ ዝኣመነ ንውሉድ ወለዶ ብእምነቱን ጸሎቱን ክዝከር ይነብር ኣሎ።ገለ ሰባት ርእዮም ዝኣምኑ ኣለዉ፡ እዚ ጽቡቕ እዩ። ገሊኦም ድማ ከይረኣዩ ዝኣምኑ ኣለዉ። እዚውን እቲ ዝበለጸ እዩ። እቶም እናረኣዩ እናሰምዑን ዘይኣምኑ ግና ብጣዕሚ ዘሕዝኑ ክንቱ ሰባት እዮም። እምነት ናይዚ ብየማን ዝተሰቐለ ሽፍታ ግና ብሓቂ ዘገርም እዩ። ምኽንያቱ ኣብታ ንሱ ንክርስቶስ ዝልምነላ ዝነበረት ናይ መወዳእታ ሰዓት፡ ብዙሓት ኣመንቲ ዝነበሩ ዝኸሓድሉ፣ ሓዋርያት ከይተረፉ ፈሪሖም ዝተበተንሉ ሕማቕ ናይ ፈተና ሰዓት ከም ዝነበረት ንኹልና ግሁድ ሓቂ እዩ። እቶም ሕሙማት ክፍውስ፡ ኣዕይንቲ ዕዉራት ክኸፍት፣ ለምጻማት ክንጽህ፣ ምዉታት ከተንሥእ ከሎ ዓበይቲ ተኣምራት ርእዮም ዝኣመኑ ሰባት ከይተረፈ፡ ተገልቢጦም ጸላእቱ ኮይኖም ዝጠለሙላ ኀይታ ንበይኑ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ዝወደቕላ ናይ ክሕደትን ጥልመትን ሰዓት እያ ነይራ። እዚ ጨጦስ ዝበሃል ሽፍታ ግና ኣንጻር እዚ ኩሉ "ስቕሎ" እናበለ ዝጭድር ዝነበረ ህዝቢ ብእምነት ደው ኢሉ "ንሕና ብግብርና ኢና ዝተሰቐልና፡ እዚ ግና ወላ ሓንቲ ኽፍእቲ እኳ ኣይገበረን" ክብል ተማኀተ።

ርእሰ ዓንቀጽ

ዋና ኣዳላዊ ዲያቆን ተኽለማርያም ምርካጽዮን

ብሓቂ ሰብ እንተ ደኣ ኮንካ!

ኩሉ ወዲ ኣዳም ናይ ባሕርይ ስሙ ሰብ ከም ዝበሃል ዘካትዕ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ናይ ግብሪ ስሙ ግና ዝተፈላለየ ክኸውን ዝከኣል ነገር እዩ።ምኽንያቱ ገለ ኣብ ሥራሕ ጽድቂ ገለ ድማ ኣብ ሥራሕ ጸይቂ፣ ገለ ኣብ ህንጸት፣ ገለ ድማ ኣብ ዕንወት፣ ገለ ኣብ ሓቂ ገለ ድማ ኣብ ሓሶት ..... ወዘተ ስለ ዝዋፈሩ በብሥርሖም፡ ጥዑምን ሕሱምን፣ ርህሩህን ጨካንን፣ ጻድቃን ኃጥኣን እናተባህሉ ስም ይወሃቦም እዩ። ስለዚ እምበኣር ወዲ ሰብ ብክቡር መልክዕን ምስልን ልዑል እግዚኣብሔር ዝተፈጥረ ስለ ዝኾነ፡ ከምቲ መልክዕና ንኣምላኽ ዝመስል፡ ግብርናውን ንኣምላኽ ዘኽብር ክኸውን ሠናይ ነገር እዩ። እምበኣርከስ ነዚ “ብሓቂ ሰብ እንተ ደኣ ኮንካ” ብዝብል ኣርእስቲ ቀሪቡ ዘሎ ሓጺር ጽሑፍ ዕላማ መልእኽቱ ተረዲእና ንሠናይ ግብሪ ንተዓጠቕ።

ሀ. ንሕያውነትካ + ወስኽሉ፡ መ. ንዘሎካ -፡- ኣማቕለሉ፡

ለ. ንተንኮልካ - ኣጉድለሉ፡ ሠ. ንኣተሓሳስባኻ = ኣመዓራርዮ፡

ሐ. ንፍቕርኻ X ኣርብሓዮ፡

ነዚ ዝስዕብ ዝርዝር መብርሂ ንከታተል፡-

ሀ. ንሕያውነትካ + ወስኽሉ፡- ናይ ሕያውነት መሠረት እቲ ሕያዋይ ኣምላኽ ምኂኑ ክንፈልጦ የድሊ። ኢየሱስ ክርስቶስ ብሕያውነቱ ንልቢ ብዙሓት ሰባት ለዊጡን መሲጡን እዩ። ሕያውነት ክኣ እቲ ዝዓበየ ውህበት ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ንደቂ ሰባት እዩ። ሕያውነት እቲ ኣብ ባሕርይ ደቂ ሰባት ክርኣ ዝግብኦ ኣገዳሲ ጠባይ ምኂኑ ክንዝንግፆ ኣይግባእን። ብመሠረት መንፈሳዊ ሕግን ትእዛዝን ናይ እግዚኣብሔር እንተ ደኣ ኮይኑ ኩሉ ሰብ ሕያዋይን ንሕድሕዱ ዘይጓዳእን ክኸውን ከም ዝግብኦ ብንጹር ተሓቢሩና ኣሎ። ኩልና ንቓል እግዚኣብሔር ኣኽቢርና ሕያዎትን ጥዑማትን እንተ ንኸውን ከኣ፡ ኣብዚ ምድሪ ዓለም ባእስን ክስን፡ ሓሶትን ኃጢኣትን፡ ኵናትን ሞትን፡ ፈጺሙ ኣይምሃለወን ነይሩ። ስለዚ እምበኣር ዝኾነ ኣማኒ ክርስቲያን ሕያዋይ ክኸውን ባህ ዘብል ጸጋ እዩ። ሓዋርያ ጴጥሮስ ብዛዕባ እዚ ኣብ “<u>እምነትኩም ሕያውነት ወስኹ</u>” እናበለ ይምዕደና። ስራሕ ናይቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ክንዝክር ከሎና ብሓቂ ዘሐጉስን ንኹሉ ሰማዒ ባህ ዘብልን ሠናይ ግብሪ ምኂኑ ኣይንስሕቶን ኢና። ንሱ ነቲ ዘይፈልጦ ሰብ፡ ኣብ መገዲ ወዲቑ ምስ ረኣዮ ደንገጸሉ፡ ናብኡ ቀሪቡ ኣቕሳሉ ሰፈፈሉ፣ ዘይትን ወይንን ከኣ ኣፍሰሰሉ፣ ኣብ ኣድጉ ኣወጢሑውን ናብ ማኅደር ኣጋይሽ ወሲዱ ተኸናኽኖ። .... ክልተ ዲናር ኣውጺኡውን ከፈለሉ። እምበኣር እዚ እዩ እቲ ልባዊ ርህራሄን መንፈሳዊ ሕያውነትን ዝበሃል። ሉቃ 10፡33። እሞ ንሕናኸ ንሕያውነትና ንውስኽሉዶ ኣሎና?

ለ. ንተንኮልካ - ኣጉድለሉ፡- ተንኮለኛ ምኂን ናብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ቅኑዕ ሕይወት ኣየብጽሕን እዩ።ብኣንጻሩ ግና ካብ ኣምላኽ ዘርሕቅ ሕማቕ ስራሕ ኃጥኣን እዩ። ናይ ተንኮል ፍሕሶ ከኣ ካብቲ ቀናእ ሰይጣን ዝምንጨ ከም ዝኾነ ምፍላጡ የድሊ። ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት እንተ ኣንበብና ካብ ኩሉ ኣራዊት መሮር ተመን ኣዝዩ ጎራሕ ነበረ ይብለና። በዚ ምኽንያት ከኣ ካብ ኩሉ እንሰሳ ዘቤትን ኣራዊት መሮርን “ርጉም ኩን” ተባሂሉ ተረግመ። ዘፍ 3፡1,14። ካብ ተንኮል ዝርከብ ክሳራ እምበር ረብሓ ዝበሃል የሎን። ነቢይ ኤርምያስ “ልቢ ወዲ ሰብ ኣዝዩ ሕሱምን ተንኮለኛን እዩ፡ መንከ ክርድኦ ይኽእል? እናበለ ብዛዕባ ኣብ ልቢ ዘሎ ተንኮል የጠንቅቕ። ኤር 17፡9። ኣብ ምስላ ሃገርናውን “ምስ ጎራሕ ኣይትመራራሕ፡ እቲ ቀዳማይዶ ወይስ ዳሕረዋይ ከይብሉኻ” ይበሃል።ስለዚ እምበኣር ነቲ ቡብግዚኡ ዲያብሎስ ኣብ ልብና ዝዘርኦ ተንኮል ከነውጽኦ የድሊ። ብተወሳኺ ሓዋርያ ጳውሎስ ነቲ ኤሊማስ ዝበሃል ጠንቋሊ “ኣታ ኩሉ ተንኮልን ኩሉ ክፍኣትን ዝመልኣካ ወዲ ዲያብሎስ ነቲ ቅኑዕ መገዲ እግዚኣብሄር ካብ ምጥዋይሲ ካንዶ ኣይትዓርፍን ኢኻ?” ኢሉ ገንሖ።ግ.ሓዋ 13፡10። ካብዚ እንመሃሮ ድማ ተንኮለኛ ምኂን እግዚኣብሔር ዝጸልኦን መርገም ዝምጽእን ሕማቕ ጠባይ ምኂኑ ክንዝክር ይግብኣና። እሞ ንሕናኸ ንተንኮልና - ነጉድለሉዶ ኣሎና?

ሐ. ንዘሎካ -፡- ኣማቕለሉ፡- ወዲ ሰብ ኣብዚ ዓለም ብህይወት ከሎ ካብ ምሃብ ንላዕሊ ዘሐጉሶ ነገር የሎን። ካብ ህቡኻ ክትህብ፣ ካብ ከፍቅሩኻ ዝያዳ ከተፍቅር ምድላይ ከኣ ዓቢይ ጸጋ እዩ። ብዛዕባ እዚ ሓዋርያ ያዕቆብ እቲ ንጹህን ርኽሰት ዘይብሉን ኣምላኾ “ንገዛእ ርእስኻ ካብ ርኽሰት ዓለም እናሓሎኻ ንዝኽታማትን መበለታትን ኣብ ጊዜ ጸባባኦም ምርዳእ እዩ” ይብል። ያዕ 1፡27።እቲ ቅዱስ ጽሑፍውን “<u>ካብቲ ዝቕበልሲ እቲ ዝህብ ኣዝዩ ይባረኽ</u>” እዩ ዝብለና። ግ ሓዋ 20፡35። ስለዚ እምበኣር እንተ ሃብና ኢና ኣዚና ንባረኽ።ምእንቲ ክትርዳእ ንኻልኦት ክትረድእ፣ ምእንቲ ክትወሃብ ንኻልኦት ክትህብ ከኣ ብሓቂ ክርስቲያናዊ ሥራሕ ቅዱሳን እዩ።“ሃቡ ወይትወሃበክሙ” ዝብል መንፈሳዊ ምኽሪ ከም ዘሎውን ክንዝክር ይግብኣና። ንዘሎካ ፡ ኣማቕለሉ ክንብል ከሎና፡ ነቲ ትፈትዎ ሰብ ጥራይ ሃቦ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ከምቲ ቅዱስ ጽሑፍ ዝብሎ “ጸላኢኻ እንተ ጠመየ እንጌራ ኣብልዎዮ፡ እንተ ጸምኦውን ማይ ኣስትዮ” ዝብል ትእዛዝ ብሓቂ ክንትግብሮ ይግብኣና። ፡ዮሓ 3፡17 ብተወሳኺ ንዘሎካ ኣማቕለሉ ማለት ከኣ ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበካ ሓላፊ ሃብትን ምድራዊ በረኸትን ተኻፈልካ ብልዓዮ፣ በቕቕካ ንጸጸን ቁንቀኖነን፡ ንሰረቕትን ዓመጽትን፣ ኣይትዕቆሮ ማለት ምኂኑ ኣይንዘንግዕ ። ሓዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ “እቶም ኣመንቲ ገበርቲ ሠናይ ክኾኑ፣ ብሠናይ ግብሪ ኪህብትሙ፡ ለጋሳትን መማቕልትን ኪኾኑ ኣዝዝ” ይብል። ፡ጢሞ 6፡18። እሞ ንሕናኸ ንዘሎና-፡- ነማቕለሉዶ ኣሎና?

መ. ንፍቕርኻ X ኣርብሓዮ፡- ፍቕሪ ናይ ኩሉ ሠናይ ነገር መሠረት እያ። እግዚኣብሔር ማለት ከኣ ፍቕሪ ማለት እዩ። ብዛዕባ ፍቕሪ ሓዋርያ ጳውሎስ “ኩሉ ገንዘበይ ንድኻታት እንተ ዝዕድል፣ ሰብነተይ ከኣ ንምንዳድ ኣሕሊፈ እንተ ዝህብ፣ ግና ፍቕሪ እንተ ዘይህልወኒ ሓንቲ እኳ ኣይጠቕመንን እዩ” ይብል። ፡ቆሮ 13፡3። ስለ ዝኾነ እምበኣር ንሕና ንሕድሕድና ክንፋቕር ኢየሱስ ክርስቶስ ብሕድሪ ዝሃበና ክቡር መልእኽቲ ሰላም እዩ። ሓቀኛ ፍቕሪ ኣብ ልቢ ኩሉ ሰብ እንተ በዚሑን እንተ ሰፊሑን ከኣ ሰላም ዝሰፈኖ ሕጉስ ሕይወት ንረከብ። በዚ ምኽንያት ንሕናውን ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልናዮ ጸጋ ፍቕሪ ከነስፍሖ ክርስቲያናዊ ግዴታ ከም ዘሎና ኣይንዘንግዕ። ካብ ውልቀሰብ ጀሚሩ ክሳብ ስድራ-ቤትን፣ ሃገርን፣ ብደረጃ ቤተ ክርስቲያንን ንፍቕሪ ኣምላኽ እንተ ኣስፊሕና፡ እቲ ቀንዲ ጸላኢና ዝኾነ ሰይጣን ንጽልኢ ዝኸውን ቦታ ከቶ ኣይክረክብን እዩ። እዚ ብዓይንና ንርእዮን ብእዝንና ንሰምዖን ዘሎና ናይዛ ዓለም ሥጋውን መንፈሳውን ዕንወት ከኣ ፈውስን ምሕረትን ብቕልጡፍ ከም ዝርከብ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንፍቕርኻ ኣርብሓዮ ማለት ተወሳኺ መልእኽቱ ንጽልኢ ካብ ልብኻ ኣውጽኣዮ ማለት ምኂኑ ንርዳእ። ፍቕሪ ከኣ ዓቃል እያ፣ ፍቕሪ ለዋህ እያ፣ ፍቕሪ ኣይትቕንእን እያ፣ ፍቕሪ ኣይትጀሃርን እያ፣ ኣይትዕበን እያ። ፍቕሪ ስዲ ኣይኮነትን፣ ንዓይ ይጥዓመኒ ብዚብል ኣይትምራሕን እያ። ፍቕሪ ኣይትቕጣዕን፣ ኣይትቕየምን እያ።ብሓቂ ትሕጎስ፣ ንኹሉ ትጸውር፣ ንኹሉ ትኣምን ብኹሉ ተስፋ ትገብር፣ ንኹሉ ትዕገስ። ፡ቆሮ 13፡4። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፣ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፣ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር። ፡ዮሓ 4፡16። እሞ ንሕናኸ ንፍቕርና X ነርብሖዶ ኣሎና?

ሠ. ንኣተሓሳስባኻ = ኣመዓራርዮ፡- ዝተመዓራረየ ሓሳብ ክንብል ከሎና። ሚዛናዊ ዝኾነ ወይ ቅኑዕ ዝኾነ ሓቀኛ ሓሳብ ማለት እዩ። ሓሳባት ኣብ ኣእምሮና ተጠኒሶም ኣብ ስራሕና ዝውለዱ ወይ ዝትግበሩ ፍጻመታት እዮም። ንኣተሓሳስባና ኣንተ ኣመዓራሪናዮ ዝጠቅምን ዝጎዳን፣ ሕማቅን ጽቡቕን፣ ጽድቅን ኃጢኣትን፣ ሓቅን ሓሶትን፣ ተረዲእና ነቲ ክቡር ዝኾነ ሓሳብ ክንትግብር ይሕግዘና። ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ “ ክቡር ሰብ ክቡር ሓሳብ ይሓስብ፡ ኣብ ክቡር ነገር ከኣ ይጸንዕ” ይብለና። ኢሳ 32፡8። ብኣንጻሩ ድማ “እቲ ክፉእ ካብ ክፉኣት እዩ ዝወጽእ” ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። በዚ መሠረት ዘይተመዓራረየ ሓሳባት ናብ ርኽሰትን ኃጢኣትን፡ ናብ ውድቀትን ሞትን ዝወስድ ጎደና ጸልማት ምኂኑ ክበርሃልና ኣለዎ። ሓዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ዝተመዓራረየ ሓሳብ “ኣሕዋተየ ሓቂ ዘበለ፡ ርዝነት ዘለዎ ኩሉ፣ ቅኑዕ ዘበለ፣ ንጹህ ዘበለ፣ ተፈታዊ ዘበለ፣ ሠናይ ዜና ዘለዎ ኩሉ ..... ብዛዕባ ነገርዚ ሕሰቡ” ይብለና። ፊሊ 4፡8 ስለዚ እምበኣር ንዕለታዊ ሥራሕናን መንፈሳዊ ሕይወትናን ብመስትያት እምነት ርኢና፡ ሓንቲ ሓሳብ ብምሕሳብ፣ ብሓንቲ ፍቕሪ ብምትእስሳር፣ ብሓደ መንፈስ ንሓደ ዕላማ ብምዕያይ ኣብ ሠናይን ክቡርን ነገር ክንጸንዕ ልዑል እግዚኣብሔር ጸጋኡን መንፈሱን የሕድረልና።

ካብ ገጽ 1 ዝቐጽለ።

እወ! ብጊዜ ራህዋ ዝኣምንሲ ኣይሰኣንን ይኸውን። ብጊዜ ፈተና ኣብ ሓቂ ደው ኢልካ ክትምስክር ግና ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምኂኑ ዝሰሓት ኣይኮነን።ሓቀኛ እምነት ዝበሃል ድማ ብዘይ ፍርሒ ክሳብ ሞት እሙን ኮንካ ምስ ኣምላኽ ምንባር ማለት እዩ። እዚ ሽፍታ ኣብ ከምዚ ዝበለ ጊዜ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ከሰስትን ሰቐልትን ህዝቢ ኣይሁድ ከሎ ብዘይ ሕፍረት “ኦ ጎይታ ኣብታ ትመጽእ መንግሥትኻ ዘክረኒ” በለ።ብሓቂ ጽኑዕ እምነት ምስ ዓቢይ ጸሎት። እቲ ሽፍታ፡ ከታርን ቀታልን ዝበሃል “ከንሳሕ” ከሎ፡ እቶም ኣመንቲ ዝበሃሉ ኣይሁድ ግና ንጻድቕ ክርስቶስ ክሰቕሉን ክቐትሉን ይጓየዩ ነበሩ። ብሓቂ ዘገርም ነገር እዩ። እዚ ነቲ ብዙሓት ቀዳሞት ዳሕረዎት ክኾኑ፡ ብዙሓት ዳሕረዎት ድማ ቀዳሞት ክኾኑ እዮም፡ ዝብል ጽሑፍ የዘክረና።

ካብዚ እንመሃሮ ብዙሕ ሠናይን ኣገዳስን መልእኽቲ ኣሎ። ንሱ ድማ ንኣምላኽና ብዛዕባ ዝሓለፈ ዝተበላሸወ ሕይወትና ይኹን ዝሰራሕናዮ ኃጢኣትና ዝኸብዶ ነገር ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብልቢ ተጣዒስናን ተነሲሕናን ካብ ሕማቕ ግብርና ክንምለስ እሞ ምሕረትን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ክንረክብ ሰማያዊ ዕላማ እግዚኣብሔር ምኂኑ ክንፈልጦ ይግብኣና። ከምዚ ሽፍታ ብእምነት “ኦ ጎይታ ኣብታ ትመጽእ መንግሥትኻ ዘክረና” ክንብሎ ከሎና፡ እቲ ዝለመንካዮ ዘይከልእ ዝነገርካዮ ዘይርስዕ፡ መሓሪ ኣምላኽና ከም ዝርህርሃልና ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብተወሳኺ ከኣ ጎይታ ኣብ መንግሥቱ ምእንቲ ክዝክረና፡ ንሕናውን ኣብዚ ምድሪ ብሕይወት ከሎና ንኣምላኽ ክንዝክሮን ክነኽብሮን ኣሎና።ብዝያዳውን ነቲ “እንሆ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኺሕኳሕ ኣብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምፀይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፣ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኣብ መኣዲ ኽቕመጥ እየ። ንሱውን ምሳይ ኪቕመጥ እዩ” ዝብል መልእኽቲ ሕድሪ ኣስተውዒልና ንክርስቶስ መሳኹቲ- ልብናን፡ ኣፍ-ደገ ገዛናን ክንከፍተሉ ኣሎና።ራ.ዮሓ 3፡20።

እግዚኣብሔር ንነፍሲ ወከፍና ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ስራሕና ይኹን መንፈሳዊ ሕይወትናን ወትሩ ከም ዝዝክረና ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብዛዕባ እዚ እግዚኣብሔር ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡ “ኣደዶ ንፍረ ኸርሣ ክሳዕ ዘይትርህርሃሉ ነቲ ዝጠቡ ውላዳ ኽትርስዕ ይክኣላ እዩ? ሽሕ እኳ ኣደ ንወዳ እንተ ረስዐት፣ ኣነስ ከቶ ኣይክርስትዓኩምን እዩ” ይብለና። ኢሳ 49፡15።እወ! ወላኳ ንሕና ብዕሽነትና ንኣምላኽ እንተ ረሳዕናዮ ንሱ ግና ፈጺሙ ክርስዓናን ክጭክነልናን ኣይኮነሉን እዩ። ደቂ ሰብ ግና ልክዕ ከምቲ ዮሴፍ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከሎ ነቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ወይኒ “ፈርዓን ካብ ቤት ማእሰርቲ ከውጽኣካ እዩ እሞ፡ ..... ምስ ቀንዓካ ዘክረኒ፣ በጃኻ ምሕረት ግበረለይ፣ ንፈርዖን ከኣ ንገረለይ፡ ኻብዛ ቤት እዚኣውን ኣውጽኣኒ” ዝበሎ እሞ፣ እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ወይኒ ምስ ቀንዖ ንዮሴፍ ዝረስዖ፡ ንሕና ከኣ ብተመሳሳሊ ባሕርይ ናይ ምርሳዕ ዝተጠቓዕና ሰባት ምኂንና ኣይንዘንግዕ ኢና። ዘፍ 40፡23። ስለዚ እምበኣር ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብታ ትመጽእ ሰማያዊት መንግሥቱ ብግርማን ክብርን ተኸቢቡ ክመጽእ ከሎ ክዝክረናን፡ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት ናባይ ንዑ! ኢሉ ኣብ ሰማያዊ ዙፋኑ ምእንቲ ከእትወናን፡ ሎሚ ኣብዛ ምድሪ ብሕይወት-ሥጋ ከሎና ነቲ “ጠምየ ኣብላዕኩምኒ፣ ጸሚእ ኣስቴኹምኒ፣ ጋሻ ኮይነ መጺእ ተቐቢልኩሙኒ፣ ዓሪቐ ኸደንኩምኒ፣ ሓሚመ በጻሕኩምኒ፣ ተኣሲረ ኣጸናናዕኩምኒ” ዝብል ናይ በረኸት ትእዛዝ ክንፍጽሞ ይግብኣና። ማቴ 25፡35። ኦ ጎይታ ኣብታ ትመጽእ መንግሥትኻ ተዘከረና። እወ! ንዓና ንጎጥኣን፣ ንዓና ንድኹማን ምሕረትካ ኣብታ ትመጽእ መንግሥትኻ ተዘከረና። ኣሜን!!!

ፊልጵስ ዘደብረ ቢዘን

እቲ ብዮፍታሄ ድሜጥሮስ ዝምራሕ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብኣዋጅ ካብ ናይ ዓለም ኣብያተ ክርስቲያናት ተነጺሉ

እተን ሓዋርያውያን ኣብያተ ክርስቲያናት ዝበሃላ፡ ማለት ናይ ኦሬንታልን ናይ ምብራቕ ኦርቶዶክሳውያን ኣብያተ ክርስቲያናትን፡ ከምኡውን ናይ ሮማ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብሓባር ዓመታዊ ጉባኤ ናይ ስነ መለኮት ዘተ ካብ 25-28 ጥሪ 2011 ኣብ ሮማ ተጋቢኡ ቀንዩ። እዘን ሓዋርያውያን ኣብያተ ክርስቲያናት ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ብሓባር፡ ዓመታዊ ናይ ስነ መለኮታዊን ሓዋርያዊ እምነትን ዝምልከት ዝተዳለወ፡ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ሓፈሻዊ ጉባኤ ብምግባር፡ ዘተ የካይዳ እየን። ብፍላይ ግን ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ከም ኣኃት ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ናይ ሓድነተንን እምነተንን ቀኖናአንን ዝምልከት ጉባኤ ብስፍሓት የካይዳ እየን። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ጉባኤ ድማ ብፍሉይ ምእንቲ እቶም ብጽንዓት እምነት ብሃይማኖቶም፡ ከቢድ ፈተና ወሪድዎም ኣብ ከቢድ ስቓይ ዘለዉ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ፓትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ፍሉይ ጸሎትን መዘከርታን ዝተገብረሉ፡ እዋን ክኸውን እንከሎ፡ ነቶም ብፖለቲካዊን ብኃይሊ ጎነጽን ኣብ ሥልጣን ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ናይ ስም ፓትርያርክ ኣባ ዲዮስቆሮስ ድማ ብጉባኤ ዝውገዘሉን ብድጋሚ ዝኾነነሉን ዓቢይ ጉባኤ እዩ ነይሩ። እቲ ጉባኤ ካብ 25- 28 ጥሪ 2011 ኣብ ሮማ ቫቲካን እዩ ተኻይዱ። ንዝመጽእ ዓመት ድማ፡ ብኣእንጋድነት ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ካብ 16 -23, 2012 ኣብ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ ክካየድ ብምውሳን ጉባኤ ተዛዚሙ። እቲ ብዮፍታሄ ድሜጥሮስ ዝምራሕ ኣይ ሃይማኖታዊ ኣይ ፖለቲካዊ ምምሕዳር፡ ኣብዚ ጉባኤ ክጽምበርን ህላውነቱ ከረጋግጽን፡ ብዙኃ ፈተናታት ከም ዝገበረን፡ እቲ ጉባኤ ግን ብጀካ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ናይ ኤርትራ ካልእ ከም ዘይፈልጥን፡ ብምልኣት ብትሪ ነጺግዎ። እግዚኣብሔር ቤተ ክርስቲያንና ይባርኽ።

በረኸት ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ኣይፈለየና።

ዜና ቤተክርስቲያን

ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ብዛዕባቲ ብመሪሕነት ኣቶ ይፍታህ ዲሞጥሮስ ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያንን ምእመናን ዝፍጸም ዘሎ ገበን መግለጺ ኣውጺኡ።

ብዛዕባ እቲ ብውጉዝ ዮፍታሄ ቀሺ ዲመጥሮስ ኣብ ርእሲ ምእመኣን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ዝሓለፈ ገበን። እቲ ብኣቶ ዮፍታሄ ድሜጥሮስ ዝምራሕ ብስም ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ዝጽዋዕ፡ ዘይሃማኖታዊ ክነሱ ሃይማኖታዊ ስም ለቢሱ ዝንቀሳቐስ እኩይ ምሕደራ፡ ኣብ ምጭዋይ፡ ምቕታልን ምእሳርን፡ ሓቀኛታት ኣቦታት ካህናትን እቶም ሊቃውንቲ ዝበሃሉ ደቂ ቤተ ክርስቲያንን፡ ኣብ ምዕናውን ምብራስን ታሪኽን ቅርሲ ሓዋርያዊት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ተዋፊሩ ምጽንሑ፡ ኩሉ ዝፈልጦ ከም ፀሓይ ቀትሪ ብሩህ እዩ። ሕጂ ድማ ከም ኣሞራ ኣብ ረይሳ ምህዳን፡ ሕዙናት ምብካይን ተዋፊሩ ይርከብ። እዚ ፈጺሙ ካብ ሓደ መንፈሳዊ እየ ዝብል ምምሕዳር ዘይትጽበዮ ኣዝዩ ኣረሜናዊ ተግባር ድማ፡ ዮፍታሄ ሕጂ ዝፈለጦ ወይ ዝመሃዞ ዘይኮነ፡ ከምቲ “ጉንዳ ዝጠዓመትካ ገረብሲ ሱራ ኩዒትካ ብልዓያ” ዝተባህለ ምስላ ኣቦታት ኣብ ኣርብዓታት ኣቡኡ ቀሺ ድሜጥሮስ ንሓቀኛታት ኤርትራውያን ብሰንኪ ሓቀኛ ኤርትራውነቶም፡ ካብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ወጺኢ ኣሽሓት ምእመናን እዛ ቤተ ክርስቲያን ብረይሳኦም ዝተጻወተሉን ረይሳታት ወለድና ብኣኽላባት ተፋሒሩ ዝወጸሉን ኣብነትን መሠረትን ስለ ዘለዎ እዩ። እዚ ዕያግ ታሪኽ እዚ ድማ ንዮፍታሄ ዓቢይ ዕድል ደም ንጹሃት ኤርትራውያን ሰትዩ፡ ሥጋ ንጹሃን ኤርትራውያን በሊዑ ዘዕበዮ ብምኳኑ፡ ንሕዝቢ ኤርትራ ድማ ከቢድ ስቓይ ዘሰከመ ፍጻሜ ጸሊም ታሪኽ እዩ። “ቅዱስ ጽሑፍና ግን ወሥጋሆሙኒ ለጻድቃኒከ ለኣራዊተ ገዳም።” ማለት ሥጋ ጻድቃንካ ዝቐብሮም ዝሰኣኑ ንኣራዊት ገዳም እዩ ዝወሃብ።” ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ፡ ወዲ ዓሻ ክልተ ሳዕ ይውቃዕ እምበር ሕዝቢ ተዋሕዶ ክልተ ሳዕ ክቐጻዕ የብሉን ዝብል ተሪር እምነት ኣለዎ። ስለዚ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ንኹሉ ሓቀኛ ኦርቶዶክሳዊ ኤርትራዊ፡ 1.ጸሎተ ፍትሓት ሓንቲ ጊዜ ኣብታ ዝተገልገልካላን ዘገልገልካያን ካህንካ ዘናዘዘካን ዘጸናንዓካን ምስክርነትካ ቤተ ክርስቲያንካ ናብ ኣምላኽ ምስክረነታ እትህበሉ ደኣ እምበር፡ ኣይናዘዙኻ ኣየነስሑኻ፡ ካልኦት ክፈትሑ ዚግባእ ስለ ዘይኮነ፡ ምሉእ ኣገልግሎትካ ብሕይወት ከሎኻ ዕርቂ ምስ ኣምላኽን መንፈሳዊ ምስክርነት ናብ ኣምላኽ ካብ ቤተ ክርስቲያንካ ጥራይ ምኳኑ፡ ዚግበር ፍትሓት ድማ በቲ ዝናዘዘካ ኣቦ ንስሓ ካህንካ ተመሪሑ ዝፍጸም ተግባር ብሕጊ ሃይማኖት ይሕብር። 2.በዓል ጽቡቕ ግብሪ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እምበር በዓል ጽቡቕ ቀብሪ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝበሃል የለን። እቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽና ክርስቶስውን ኣብ ቀብሩሲ ክልተ ሰባት ምንባሮም ኢና እነንብብ፡ ኩሎም ሓዋርያት፡ ጻድቃን ሰማዕታትውን፡ ሰብ ጽቡቓት ቀብሪ ተባህሉ ኣይተነግረናን። ስለዚ ብጽድቅን ብንስሓ ካህናትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምቕራብ ምኳኑ እቲ ሓቂ ሃገረ ስብከትና ይሕብር። 3.ቀሺ ድሜጥሮስ ካብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ወጺኢ ዝጎሓፎም ረይሳታት ኣቦታትና ሓቀኛታት ስለ ዝነበሩ፡ ብሰንኪ እዚን ከምዝን ኣደራዕ ኣብ በረኻታት ኤርትራ ድራር ጥይትን ቡምባታትን ኮይኖም መሬት ኤርትራ ደሞም ዝሰተየቶም ሰማዕታት ኤርትራውን፡ ሓቀኛታት ስለ ዝነበሩ፡ እዮም። ሕጂውን ታሪኽ ባዕሉ ይድገም ስለ ዘሎ ኣማኒ ኦርቶዶክስ ናይ ጊዚያዊ መልክዕን ጌጽን ከይጠመተ፡ ታሪኽ እቶም ቀሺ ድሜጥሮስ ንሥልጣኑን ንደሞዙን፡ ወዱ ዮፍታሄ ንመምሃሪኡን መሰልጠኒኡን ዝተተቕሙሎም፡ ቅድስና ወለዱን ኣጎዋቱን ሒዙ ነዚ ርኹስ ተግባር ደው ኢሉ ክቃወሞን ክብድሆን፡ ኣሰር ሰብ ቅያ ወለዱ ኪስዕብን ኣብ ሓጺር ጊዜ ድማ ብደገፍ ኣምላኽ ተዓዋቲ ምኳኑ ፈሊጡ ኣብ እምነቱ ዝያዳ ክጸንዕ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ጸዋዒቱ የመሓላልፍ። 4.ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ንሰብ ብሕይወቱ ከሎ ናብ ኣምላኽ ቀሪቡ ምስ ኣምላኽ ተዓሪቑ ብቕድስና እንስንዮ ሕያው ምስክርነት እንህበሉ ምእመን እምበር ከም ኣሞራ ረይሳ ኣብ ምጉያይ ዕላማን መንፈስን ዘይብሉ ምኳኑ፡ ንምእመናኑ ይገልጽ። 5.ዮፍታሄን ኣጫፈርቱን ተለኣኣኽቱን፡ ነቲ ብሓቀኛ ኦርቶዶክሳዊ እምነት ጸኒዑ፡ ኣብ ትሕቲ ውግዘት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ኣይንኣቱን ዝበለ ብጀካ ቅድስና ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ካልእ ብዮፍታሄ ተጠፍጢፉ ዝቐርብ ዘይሕጋዊ ፓትርያርክ ኣይንቕበልን ንዝበለ፡ ምእመን ንምንብርካኽን፡ ንምርዓድን ዝገብርዎ ውዲት ስለ ዝኾነ፡ ምእመናን ከምቲ ትማሊ ናይ ኣርብዓታት ታሪኽ ብመንፈሳዊ ጽንዓት ዝመከትዎ ከምክትዎ መንፈሳዊ ጸዋዒቱ የመሓላልፍ። እግዚኣብሔር ብደሙ ዘጥረያ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ይሓሉ። ሃገርና ኤርትራ ይባርኽ። ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን፡ መንበረ ሊቀ ጵጵስና ሰሜን ኣሜሪካ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ስለ ኣብ ስደትን ጸበባን ዝርከቡ ወገናት ፍሉይ ጸምን ጸሎትን ኪግበር ኣዊጁ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ጾመ-ኣርብዓ ናይ ድኅነትን በረኸትን ክኾነልና ንኣምላኽ ንልምን። ቀጺልና ኣብዚ እዋን እዚ ኤርትራውያን ኣኅዋትናን፡ መንእሰያት ደቅናን ከም ደቂ ዛግራ ናብ ፈቐዶ ሃገራትን ኣሕጉራትን ብስደት ፋሕ-ብትን ይብሉ ከም ዘለዉ ንርእዮን ንሰምዖን ዘሎና፡ ካብ ማንም ሰብ ዝተሰወረ ጉዳይ ኣይኮነን። በዚ መሠረት ከምቲ ነቢይ ኢዩኤል “ጾም ኣውጁ፥ ኣኼባ ጸውዑ፥ ንዓበይትን ኣብታ ሃገር ንዝነብሩን ኵላቶምን ናብ ቤት መቕደስ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ኣኪብዎም፥ ናብ እግዚኣብሔር ከኣ ተማህለሉ” (ኢዩኤል 1፡14) ዝበሎ መሪሕ ጥቕሲ ዕላማ ብምግባር፡ ካብ ሓሙስ 7 መጋቢት ክሳብ ቀዳም ዕለት 10 መጋቢት ፪፻፲ ዓ.ም ግእዝ (March 17, 2011 – March 19, 2011) ንጎተ መዓልትታት ፍሉይ ጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ምእንቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክግበር፥ ሰንበት ዕለት 11 መጋቢት ፪፻፲ ግእዝ (March 19, 2011) ከኣ ብጸሎተ-ቅዳሴ ዝተሰነየ ምህለላ ክግበር መንፈሳዊ ኣዋጅ ነመሓላልፍ።

ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያንና ብግዜ ጸገም ይኹን ብግዜ ራህዋ ምስ እግዚኣብሔር ትራኸበሉ መንፈሳዊ ጎደና-እምነት ብጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ጥራይ ምኳኑ ኣብ ሓዋርያዊ ሕጋ ዝሰፈረ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ብግዜ ሓጎስ ምስቶም ዝሕጎሱ ንኣምላኽ ከተመስግን፥ ብእዋን ጸገም ከኣ ምስቶም ዝሓዝኑ ከም መኻፍልቲ ጸገሞም መጠን፡ ብጸሎት ካብ ኣምላኽ ምሕረት ክትልምን ኦርቶዶክሳዊ ሓላፍነታ እዩ። ስለዚ እምበኣር ኣብዚ ከቢድ ናይ ፈተና-ስደት እዋን፥ ምእንቲ እቶም ኩሎም ካብ ዓዶምን ስድራ ቤቶምን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተሰዲዶም ኣብ ፈቐዶ ሃገራትን ኣሕጉራትን ከርተት ዝብሉ ዘለዉ ኤርትራውያን ኣኅዋትናን መንእሰያት ደቅናን ልዑል እግዚኣብሔር በረኸት-ረድኤትን መዕቆቢ ሕይወትን ምእንቲ ክኾኖም፡ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያናትን ምእመናንን ሓቢርና ብጸሎት ክነቅሕ ብትሕትና ነዘኻኽር። ስለዚ ጸሎት፡ ጾምን ምህለላን ስለ’ቶም ረዳእን ሰማዕን ዝሰኣኑ ስደተኛታትና፥

- ጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ስለ’ቶም ዝግፍዑን ዝነብዑን ዘለዉ ስደተኛታትና፥
- ጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ስለ’ቶም መግብን መዕቆብን ዝሰኣኑ ስደተኛታትና፥
- ጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ስለ’ቶም ዝሳቐዩን ዝጭነቑን ዘለዉ ስደተኛታትና፥
- ጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ስለ’ቶም ከም ኣቕሓ ዝሸየጡን ዝልወጡን ዘለዉ ስደተኛታትና፥
- ጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ስለ’ቶም ኣብ ማእሰርትን ኣፍ-ደገ ሞትን ዘለዉ ስደተኛታትና፥
- ሓፈሻዊ ጸሎት፥ ጾምን ምህለላን ስለ ቤተ ክርስቲያንናን ሰላም ሃገርናን፡ ይገበር።

ንሰብ ነነዌ ዝተለመነ መድኃኔ-ዓለም ኣምላኽና ጸሎትና ሰሚዑ ምሕረትን ሰላምን የውርደልና።
መንበረ-ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ፡
፪፻፲ መጋቢት ፪፻፫ ዓ.ም ግእዝ

ኣብ ፖርትላንድ ኦሬገን ሓዳስ ቤተክርስትያን ኣገልግሎት ጀሚራ።

ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ኤርትራ ኣብ ፖርትላንድ ብዕለት 26፣ ለካቲት 2011 ኣብቲ ካብ ስያትል ዋሽንገቶን ዝመጹ መእምናን፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ኣባላት ሰበኻ ጉባኤን መዛሙራንን ኣብ ዝተረከቡሉ እዋን ናይ ኣዴና ቅድስቲ ማርያም ታቦት በክብርን፣ ጾሎትን ምስጋናን ከምዝኣተወ ተፈሊጡ። መራሕትን ምምሕዳርን ቤተክርስትያን ቅ. ማርያም ፖርትላንድ፣ ንቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ኪሕልወልና፥ ንብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብ ዕዮኦም ዓወትን ኣሳልጦን ኪህብ፥ ንሃገርናን ቤተ ክርስትያንናን ንእግዚኣብሔር ሰላሙ ኪህበናን በረኸትን ኣማላድነትን ቅድስት ማርያም ከይፍለየና ብምባል ነዚ ዘሕጉስ ዜና ኣበሲሮም።

ምሁራት ውሉደ ክህነት ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ሓድሽ ናይ ፓልቶክ ኣገልግሎት ጀሚሮም።

ምሁራን ውሉደ ክህነትን፣ ብስነ መለኮት ዝተመረቁን ብኻልእ ዝተፈላለየ ሞያ ዝሰልጠኑን ደቂ ቤተክርስትያንን፣ መንፈሳዊ ፍልጠቶምን ዘካፍልሉን ብሓደ ሽነኽ፣ በቲ ኻልእ መዳይ ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ፋሕ ኢሎም ንዘሎዉ ደቂ ቤተክርስትያን መጠነኛ ጉስነት ኪረኽቡ ብምትስፋው፣ ብናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን መንበረ-ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ ዝምእከል ፓልቶክ ተጀሚሩ ከምዘሎ ብሓጎስ ነበስር።

"ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ። ፍልጠት ስለዝኣበኻ፥ ኣነ ድማ ካህን ኮይትኾነኒ ኪኣብየካ እየ።" ሆሴእ 4፣6 (“My people are destroyed for lack of knowledge. Because you have rejected knowledge, I also will reject you from being priest for Me …” Hosea 4:6) ከም ዝተባህለ ዉሉልን እዋናውን ጸገም ቤተክርስትያን መሰረታዊ ፍታሕ ዝረኽብ ብትምህርቲ እዩ። ኣፍልጦን ርድኢትን ህዝብና ክብ ብምባል ቤተክርስትያንና ምምሕዳርውን መንፈሳውን ሓርነት እትረኽበሉ እንኮ መገዲ ምኳኑ ብዙሓት ደቂ ቤተክርስትያን ዝሰማምዕሉ ነጥቢ እዩ።

ዕለተ-ፓልቶክ ካልኣይን ራብዓይን ቀዳም ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኮይኑ ካብ ሰዓት 1:00 – 3:00 ድ.ቀ. (ብኣቐጻጽራ ምብራቕዊ ሰሜን ኣመሪካ) ወይ ድማ ቀዳም ካብ 8፣00 - 10፣00 ድ.ቀ (pm) ብኣቆጻጽራ ኤርትራ ይፍጸም።

እቲ ናይ ፓልቶክ ቤት (Paltalk Room) ኣብ ትሕቲ “Eritrean Orthodox Tewahdo Diocese of North America” ዝብል ስም እዩ። እዚ ናይ ክልተ ሰዓት መደብ፣ ጸሎት፣ ዕለታዊ ቃል እግዚኣብሔር:

ፍሉይ ሰሚናር፣ ናይ ሕቶን መልስን ግዜያት ዝሓቐፈ እዩ።

ደብረ ሰላም መድኃኔ ዓለም ዋሽንግቶን ዲሲ ናይ ረድዮ ኣገልግሎት ጀሚሩ።

እዚ ብሬድዮ ቃል ኣዋዲ ዝፍለጥ ኣገልግሎት ኩሉ ጊዜ ቀዳም ካብ ሰዓት 9:30 -10:00ናይ ንጉሆ ብ 1120 WUST RADIO ብሓልዮት ደብረሰላም መድኃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ኣብ washngton DC ን ከባቢኣን እናተዳለወ ዝመሓላለፍ መንፈሳዊ ትምህርቲ እዩ። ኣገልገልቲ ምምሕዳርን ቤተክርስትያን ኣብ ርእሲ'ቲ ስሩዕ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዝውሃብ፣ ነቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያታትን ከቢድ ናብራ ስደትን ናብ ካብ ቤተክርስትያን ርሒቕ ዝርከብ ምእመን ንምብጻሕ ዝኸፈትዎ ኣፍ ደገ ወንጌል ኩሎም ምእመናን ብተገዳስነት ኪጥቀምሉ ይላበዉ።

To Listen to Qale Awadi 1120 WUST...LIVE SAT 9:30- 10:00 AM. on Your Cell Phone!!!

Call (712) 432-6620 and Listen

ብተወሳኺ ሕሉፍ መደባት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ኪትረኽብዎ ትኽእሉ።

‘ማኅበር ነጋድያን ኢየሩሳሌም ’ ተመሥሪቱ

ብመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ንሓያሎ ግዜ ብመደብን መጽናዕትን ተታሒዙ ዝጸንሐ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ”ማኅበር ነጋድያን ኢየሩሳሌም” ብዕለት 22 ታሕሳስ 2010 ኣ.ፈ (፲፫ ታሕሳስ ፳፻፲ ዓ.ም) ብወግዒ ተመሥሪቱ ከም ዘሎ ብሓጎስ ነበሥር። እዚ ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ጸሎትን ቡራኬን ዝተመርሐ ጉባኤ ንምቕዳም ማኅበር ነጋድያን ኢየሩሳሌም፥ ካብ ምምሕዳር ሃገረ ስብከት፥ ካብ ጉባኤ ካህናትን ዲያቆናትን ከምኡ'ውን ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣብያተ ክርስቲያናት ዝተዋጽኡ ወከልትን ብሓፈሻ 22 ሰባት ዝተሳተፍዎ ሰፊሕ ጉባኤ ተኻይዱ። በዚ መሠረት ኩሎም ምእመናን ህዝበ ክርስቲያን መንፈሳዊ ዑደት ናብ ቅዱስ ቦታታት ኢየሩሳሌም ብምግባር ናይ ጎይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ በረኸት ንምክፋል ድሌትን መደብን ንዘለዎም ምእመናን ብርትዓዊ ዋጋን ብዝተማእከለ መገድን መገሻኡም ምእንቲ ክቀንዑ 7ተ ኣባላት ዘለዉዋ መንፈሳዊ ኮሚቴ ብምቕዳም እቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ተዛዚሙ። ንኢየሩሳሌም ብርትዓዊ ዋጋን ብዝተማእከለ መገድን ክትገሹ እትደልዩ ምእመናን ቤተ ክርስቲያን ተዋህዶ፣ በዚ ዝስዕብ ብቕጥታ ደዊልኩም ዘድሊ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ፍረወይኒ ጊለ፣ (416)485-6387 ቶሮንቶ ካናዳ

ጸጋይ በርሀ፣ (425)503-5208 ስያትል ሕ.መ.ኣሜርካ

ዓምዲ አንበብቲ

ጽቡቕ ኦም ብፍሪኡ ይፍለጥ!

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጻድቃን ኮኑ ረሲኣን ሰባት ብኣእዋም ይምሰሉ እዮም። እቶም ጻድቃን ከም ጽቡቕ ኦም፡ እቶም ረሲኣን ከኣ ከም ሕማቕ ኦም እዮም ዝምሰሉ። እቲ ኦም ክፉእ ወይ ጽቡቕ ምኳኑ ከኣ በቲ ፍሪኡ እዩ ዝፍለጥ። ከመይ ጌርና ኢና ሠናይ ፍረ ክንፈሪ እንኽእል ዝብል ሓታቲ ክህሉ ይኽእል። እቲ ግቡእ መልሱ ድማ ንሕና ካብ ባዕልና ሠናይ ፍረ ክንፈሪ ኣይንኽእል ኢና። እንታይ ደኣ ከምቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ኣብ ቅዱስ ወንጌል **“ኣነ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ እየ፥ ተኻሊኡ ከኣ ኣቦይ እዩ። .... ንስኻትኩም ከኣ ኣባይ ንበሩ፡ ኣነውን ኣባኻትኩም ክነብር እየ። ጨንፈር ኣብቲ ጉንዲ ወይኑ እንተ ዘይነበረ ካብ ርእሱ ኺፈሪ ከም ዘይክእል፥ ንስኻትኩም’ውን ኣባይ እንተ ዘይነበርኩም ከምኡ ኢኹም። ... እቲ ኣባይ ዝነብር ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዝፈሪ”** ይብለና። ዮሓ 15፡1-15። ኣብዚ ዓለም ብሕይወት እናነበርካ ፍረ ዘይምፍራይ ዘሕዝን ነገር እዩ። እቲ ዝገደደ ግና ሕማቕ ፍረ ምፍራይ ብሓቂ ድርብ ክሳራ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዘይምፍራይ ንነፍስኻ ጥራይ ምጉዳእ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ሕማቕ ፍረ ምፍራይ ግና ንሕይወትካን ሕይወት ካልኦት ሰባት’ውን ዝጎድእ ስለ ዝኾነ ውልቃውን ማሕበራውን ዕንወት ከስዕብ ይኽእል።

ፈሪሳውያን ዝበሃሉ ሃይማኖት ኣሎና እናበሉ ጽቡቕ ግብሪ ወይ ሠናይ ፍረ ዘይነበሮም እዮም። “ኣቱም ውሉድ ኣትማን’’ ተባሂሎም ከኣ ብጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተነቒፎም እዮም። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ጸራጊ መገዲ ዝኾነ ዮሓንስ መጥምቕ’ውን “ውሉድ ተመን” ኢሉ ይሰምዮም ነበረ። ብፍላይ ጎይታ “ውሉድ እቲ መንደላይ ተመን” እዩ ዝብሎም። ማቴ 3፡7። እቲ ተመን ዝበሃል ዘሎ ዲያብሎስ እዩ። ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ንሔዋን ዘስሓተ፡ ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከውሕጥ’ውን ብዙሕ ዝጸዓረ እዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ናይ ጥንቲ ተመን ዓብዩ ገበል ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። (ራ ዮሓ 12፡3-10) ኣትማን ኩሉ ጊዜ ናይ ክፉእ ነገር ኣብነት እዮም። ፈሪሳውያን ከኣ ደቂ ዲያብሎስ ምኳኖም ጎይታ ኣግሂዱ ነጊርዎም ኣሎ። ዮሓ 8፡41። ፈሪሳውያን ዋላ ጽቡቕ ክዛረቡ እንተ ዝደልዩውን ኣይኮነሎምን እዩ። ምኽንያቱ ኣፍ ካብ ምልኣት ልቢ እዩ ዝዛረብ። ሰብ ዘይብሉ ነገር ከውጽእ ወይ ክህብ ፍጹም ኣይክእል እዩ። ዝኾነ ሰብ ክፉእ ተዛሪቡ ንኽንብል፡ እቲ ዓረፍተ ነገሩ ብኽፉኣት ቃላት ዝተሃንጸ እንተ ኮይኑ ጥራይ ኣይኮነን። ከም ጠስሚ ልዙብ ከም ዘይቲ ልኡም ቃላት እናተጠቕመ’ውን እቲ መልእኽቱ ከም ዝተመስተ ሴፍ ሓደገኛ ክኸውን ዝኽኣል ነገር እዩ። (ማቴ 15፡18)።

ሠናይ ፍረ ምእንቲ ክንፈሪ ብመጀመርታ ልብና ወይ ከኣ እቲ ናይ ውሽጢ ሰብነትና ክጥዒ ግድን ኣለዎ። ብጽቡቕ ፈደላት ጥራይ ዘረባኻ ክጽብቕ ዘይክኣል እዩ። ንልሳን ምቁጽጻር ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምኳኑ፡ እቲ ንዓኣ ክመልኽ ዝኽኣለ ድማ ሕይወቱ ካብ ክፉእ ክባልህ ከም ዝኽእል ቃል እግዚኣብሔር ኣነጺሩ ኣብሪሁልና ኣሎ። ስለዚ ሕይወት ካብ ልቢ እያ እትፍልፍል እሞ ልዕሊ ኩሉ ንልብና ክንሕሉ ይግብኣና። ከምቲ ኣቦና ዳዊት “ቃላት ኣፈይን ሓሳባት ልበይን ኣብ ቅድሜኻ ብሁግ ይኹን’’ ኢሉ ዝጸለየ ክንጽሊ የድልየና። መዝ 19፡14። ስለዚ ሰብ ብዘረባኡ ይጸድቕ፡ ወይ ከኣ ይኹነን ማለት እዩ። ስለዝኾነ እንተ ክንጸድቀሉ እንተ ክንኩነሉ ብዛዕባ ዝተዛረብናዮ ዘረባ ኩሉ ጸብጻብ ክንህበሉ ምኳንና ኣይንዘንግዕ። ክፉእ ዘረባ ብእግዚኣብሔር ጽዩፍ ስለ ዝኾነ ንሕና እቶም ውሉድ እግዚኣብሔርን ሰዓብቲ ክርስቶስን ዝኾንና ህዝበ-ክርስቲያን ከኣ ክንጽየፎ ይግባእ። ይትረፍዶ ክፉእ ክንዛረብሲ፡ ክፉእ ክንሰምዕ ከለና እኳ ነፍስና ክትስቀቕ እዩ ዝግባእ። ብዛዕባ እዚ ሓዋርያ ጳውሎስ “እቲ ንሰማዕቱ ንበረኽት ዝኸውን፡ ከከም ዘድልዮም ከኣ ክሓንጽ ዝኽእል ሠናይ ዘረባ ደኣ ተዛረቡ እምበር ዘይጠቅም ዘረባስ ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ’’ ይብለና። ኤፌ 5፡29።

ስለዚ እምበኣር መዝገብ ልብና ኣጥዒና ካብኡ ኩሉ ጊዜ ጥዑም ቃላት ብኣፍና ክንቀድሕ ይግብኣና። ዘረባና ከኣ ኃይልን ፈውስን ጸጋን ዘለዎ ክኸውን እዩ። ጽቡቕ ጥራይ ደኣ እምበር ክፉእ ንኽይንዛረብ ኩሉ ጊዜ ደገ ከናፍርና ምስ ኣምላኽ ኴንና ክንሕሉ ይግብኣና። ብዛዕባ እዚ ኣቦና ዳዊት’ውን **“እቲ ንሕጊ እግዚኣብሔር ዝእዘዝ ሰብ ብፁዕ እዩ። ንሱ ከምታ በብእዋኑ ፍሬኣ እትህብ ቆጽላ ዘይነቅጽ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም እዩ”** ይብል። መዝ 1፡3። ነቢይ ኤርምያስ’ውን ኣብ ትንቢቱ **“ እቲ ኣባይ ኣብ እግዚኣብሔር ዝውከል፡ እወ ትጽቢቱ ኣባይ ኣብ እግዚኣብሔር ዚገብር ሰብ ብሩኽ እዩ። ንሱ ከምታ ኣብ ጥቓ ማይ ዝተተኽለት ናብ ሩባ ኣቢላ ሱራ ዘስፋሕሕት፡ ዋዒ እንተ መጸ ዘይትፈርህ ቆጽላ ኸኣ ለሚው ዚነብር ኦም እዩ። እወ! ንሱ ኸምታ ብዘመን ደርቂ ዘይትጭነቕ ካብ ምፍራይ’ውን ዘይተቋርጽ ኦም እዩ”** ይብል። ኤር 17፡7። ልዑል እግዚኣብሔር ዝኸብረሉን ሕይወትና ዝባረኸሉን ሕያው ፍረ ክንፈሪ ኣምላኽ ጸጋ የብዝሓልና።

ብዕዝራ ጸሓፊ

ቤተይሲ ንኹሎም ሕዝብታት ቤት ጸሎት ክስመ ኢዩ! ኢሳ 56፡7

ብቀሺ ዮናስ

ቤተ ክርስቲያን ማለት ሕፃን ሽማግለ ድኻ ሃብታም ሰብኣይ፡ ሰበይቲ ዝተማህረ፡ ዘይተማህረ ክይተባህለ ብዘይ ፍልልይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ወይ ሠለስተ ብስመይ ኣብ ዝተኣከብኩሙሉ ኣነ ድማ ኣብ ማእከልኩም ኣለኹ። ኢሉ ኣብ ማቴ 18፡20 ከም ዝመሃረና ብሓድነት ንፈጣሪ እነምልኽሉ፡ እንጽልየሉን እንልምነሉን መስዋእቲ ምስጋና እነዕርገሉን ቅዱስ ቦታ ኢዩ። ብተወሳኺ ጎይታና መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ዓለም መድኃኒ ምኳኑ ዝኣምነሉ ኩሎም ቤተ ክርስቲያን ይባሃሉ።

እዛ ቤተ ክርስቲያን እዚኣ በቲ ንድኅነት ኩሉ ዓለም ኣብ ቀራንዮ ዝተሰቕለ ጎይታ ዝፈሰሰ ደም ዝተዓደገት ክትከውን ከላ መጸናንዒኣን መሃሪኣን ድማ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ዝሓለፈ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን ንጎይታ ኣብ እትስዕበሉ ዝነበረት እዋን ንዕቤቱ፡ ንኣምላኽነቱ ንሥልጣኑ ንኽእለቱን ፍቕሩን ኣብ ትገልጸሉ ዝነበረት ዘመን ኣብ ዝተፈላለየ ጎበታት፥ ገዛውትን፥ ጣሻታትን ኣምላኾ ክፍጽሙ ድሕሪ ምጽናሕ ንመጀመርያ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ፊሊጵስዩስ ዝተባህለ ሃገር ተሠርሐ። ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊት ከም ምኳና መጠን ካብ ዝተመሠረተትሉ ዘመን ጀሚራ ክሳብ ዘመንና ዝተፈላለየ ታሪኽ ኣለዋ። ንኣብነት ከመይ ኢላ ከም ዝተመሥረተት ከመይ ኢሉ ሕዝብታት ዓለም ከም ዝተቐበላ ከመይ ኢሉ ቃል እግዚኣብሔር ከም ዝተዘርግሐ ዝገልጽ ታሪኽ ኣለዋ።

ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምድሪ ወኪል ናይ ሰማያዊት መንግሥቲ ኣምላኽ እያ። ቀንዲ ሥርሓን ዓላማኣን ድማ ንሓደስቲ ኣመንቲ ኣብ ሓድነት ክርስቶስ ትቕበል፡ ትመርሕ፡ ብሓድነት ተማሓድር። ኣብ ሕይወት እታ ቤተ ክርስቲያን ባህ ካብ ዘብለካ ድማ እቶም ኣመንታ ብሓንሳብ ይነብሩ ምንባሮም፡ ዘለዎም ኩሉ’ውን ናይ ሓባር ነበረ። እግዚኣብሔር ድማ ኣብ ጸጽባሕ ዝድኑኑ ነፍሳት ኣብታ ማኅበር ይውስኽ ነበረ። (ግሓ 44፡47) ካልእ እቶም ዝኣመኑ ሓደ ልብን ሓደ ዕላማን ነበሩ። ኩሉ ናይ ኃባር ነበረ’ምበር ሓደ’ኳ ኣብ ገንዘቡ እዚ ናተይ’ዩ ዝብል ኣይነበሮምን። (ግሓ 4፡32-35) ኢሳ 58፡7)። ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብሓሳብ፡ ብፍቓድ፥ ብሥልጣን ሓደ ከም ዝኾኑ፡ ቤተ ክርስቲያን ድማ ብሃገር፥ ብቦታ፥ እንተ ዘይኮይኑ ብእምነት፥ ብውልድነት፥ ብተስፋ ሓንቲ ምኳና ጎይታ ክገልጽ ከሎ **“ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ ኣነ እቲ ዝሃብካኒ ክብሪ ሃብክዎም’’** ይብል። (ዮሓ 17፡22) ሉቃ 12፡32) ኣመንታ ከተብዝኃ ሓድነታ ከተደልድልን ክትሕሉን ቀንዲ ዓላማኣን ሥርሓን ከም ዝነበረ ኣብ ኤፌ 4፡4-6) ይገልጽ።

ቤተ ክርስቲያን ሰማያዊ መሳልል ጥራሕ ዘይኮነት ኣብ ዓላማኣ ንዘለዉ ትምህሮምን ትሕልዎምን። ካብ ናይ ክርስቶስ እምነት ከይዝንብሉ ኣጸቢቓ ትመኽሮምን ትምዕዶምን ኣብ ርእሲ ምንባራ፡ ኣብ ሽግሮም ከይተረፈ’ኳ ትረድኦም ነበረት። እዚ ድማ ሓደ መርኣያ ናይ ሓድነታ ኣብ ክርስቶስ ዝተመሥረተ ሕይወት ስለ ዝነበራ እዩ። ናይ ሎሚ ቤተ ክርስቲያን ብመንጽር ዝሓለፈ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን ክርኢ ከሎ ኩሉ ጊዜ ነቲ ብመንፈሳውነቱ ዝነቕሐ’ምበር ነቲ ዝደቀሰን ዝሞተን ጥፍኣታን ውድቀታን ጎሊሑ ኣይረኣዮን’ዩ። (2 ጴጥ 2፡7-9)። እዚ ክብል ዝደረኽኒ ምኽንያት እዛ ብእምነታን ሥርዓታን ሃብታም ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓት ደጌታታ ከፊታ ክትምህርን ከተጸናንዕን ይግብኣ ነይሩ። ናብ ደምቢኣ ዝመጹ መንእሰያት ደቃ ኣይናተይን’ዮም እናበለት ናብ ተኺሉ ኣሕሊፋ ከይትህቦምን ከይተባርሮምን ኣዝያ ክትጥንቀቕሉ ዝግብኣ እኳ እንተ ነበረ ነዚ ዕሽሽ ኢላ ብገዛእ መራሕታ ትሳቐ ኣላ።

ቤተ ክርስቲያን ዝሸምገሉ ሰባት ጥራይ ዝኣትውዎን ዝማሃርሉን ዝጽልይሉን ቦታ ዘይኮነስ ሕፃናት ንኣሽቱ ኣወዳት፡ ኣዋልድ ብዘይምፍልላይ ኩሉ ሰብ ክኣትዎ ዝግባእ ቅዱስ ስፍራ ኣምላኽ’ዩ። እዚ ካብ ኮነ ናብ ደምቢኣ ንዝመጹ መንእሰያት ደቃ ሓንጎፋይ ኢላ ክትቅበሎም ግቡእ እዩ። ብዛዕባ እቶም ካብ ደምቢኣ ዝስጎጉ ዘለዉ መንእሰያት መን ኮን ኃላፍነት ክወስድ ይኽውን? ኣብ ቅድሚ ሰብ እኳ ፍርዲ እንተ ተሳእነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግን ብዛዕባ’ዘን ዝጠፍኣ ዘለዋ ነፍሳት ዘሕትት ጉዳይ እዩ። መንእሰይ ክሳዕ ዝኾነ ጊዜ ጉድለት ክርከብ ዝክኣል እዩ። ቤተ ክርስቲያን ግን እንታይ’ዩ ሥርሓ? ንዝደኸመ ከተበርትዕ፥ ንዝተሰብረ ክትጽግን፥ ንዝሓዘነ ከተጸናንዕ ፥ ንዝተጋገየ ክትእርምን ክትመልሶንዶ ኣይኮነን? ኣብዚ እዋን ፈተና ግን በዚ ኣብ ልዕሊ መጓሰኣ ዝወርድ ዘሎ ናይ ቶኳሉ ወራር ንህላዌኣ ዝፈታተን ኮይኑ ብውሽጥን ብወጻእን ትብደል ከም ዘላ ይርኣየካ።

እዚ ክብል ከሎኹ ድማ ከም ወቐሳ ዘይኮነስ ካብ ዘሎኒ ናይ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ቅንኢ እዩ። ብሰሪ ዝርኢ ዘሎ ናይ መንእሰያትን፥ ኣመንትን፥ መንፈሳውያንን መራሕትን፥ ምብትታን ረብሓ ካልኦት ንኽውን ምህላውና’ዩ። እዚ ካብ ኮነ ቤተ ክርስቲያን ኃላፍነታ መጓሰኣን ቀጥ ኣቢላ እትሕልወሉ፡ ሓቢራን ሰሚራን ንዕዮ ወንጌል ትነቕሓሉ ጊዜ ሕጂ ኢዩ።

ኣብ ቃል እግዚኣብሔር ከምዚ ዝብል ነንብብ፡ እቲ ኣባጊዉ ዝፍኑ ዘይጠቅም ጓሳ ወይልኡ፡ ሰይፊ ኣብ ልዕሊ ቅልጽሙን ኣብ ልዕሊ የማነይቲ ዓይኑን ይኹን። ቅልጽሙ ብጥራሽ ክነቅጽ የማነይቲ ዓይኑ ከኣ ብዘላ ክትጽልምት’ያ (ዘካ 11፡17) ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ካብዚ ቁጥዓ’ዚ ከተምልጥ እንተኮይና ንመጓሲኣ ኣበርቲዓ ክትሕሉ የድሊ። ነዞም ብተኳሉ ዝውረሩ ዘለዉ ደቃ ምምሃርን ምምዓድን ዝያዳ ውጽኢት ክትረኽበሉ እትኽእል ከኣ ከምቲ ንገዛ ክትሓንጽ እምኒ መሠረት ዘድልየካ፡ ቤተ ክርስቲያን ድማ ብዘይ መንእሰያት ሓቀኛታት መራሕትን ከምቲ ተሰካሚ እምኒ ስኢኑ ዝወድቕ መንደቕ’ያ እሞ ኩሉ መጓኢ ዕቤት እዛ ቤተ ክርስቲያን ዝምነ ክሓስበሉን ክጽልየሉን ዝግባእዩ እብል። ልዑል እግዚኣብሔር ብደሙ ንዘጥረያ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እሙናት መራሕቲ ፍቕርን ይሃበና!!

ማሕበራዊ ህይወት

ባህልን ልምድን ምዕራባዊያን ኣብ መንእሰያትና ከይሰርጽን ባህልና ከይብርዝን ኣቓልቦ የድሊ

ብመም/ ተኽለ ተስፋ

ካብ ግዜ ባዕዳውያን ገዛእቲ ጀሚሩ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝተፋላለዩ እዋናት ብዝወርዶ ግፍዕን ጭቆናን ኣደራዕን፣ሰብኣዊ መሰላቱ ተነፊጉዎ ናይ ኣእምሮ ቅሳነት ኪረክብን፣እፎይ ኢሉ ክነብርን ስለ ዘይከኣለ ነታ ዝፈትዋ ወላዲት ሃገሩ ራሕሪሑ ኣብ ስደት ኣብ ኩለን ክፍላተ ዓለማት ተበታቲኑ ኣብ ከርተትን ከርፋሕ ናብራን ይነብር ኣሎ።ኣብ ስደት ዘጋጥም ዘሎ ሽግር ነቲ ኣብ ሃገሩ ተወሊዱ ዝዓበየ'ሞ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ስደት ዝነብር ዘሎ ህዝብና ኣይኮነን፣ምኽንያቱ እቲ ኣብ ሃገሩ ተወሊዱ ዝዓበየ፣መበቆሉን ያታዊ ባህሉን ፍቕሪ ሃገሩን ፈሊጡን ኣስተማቒሩን ስለዝወጸ፣ መንነቱን ባህሉን ፍቕሪ ሃገሩን ካብ ኣእምሮኡ ኪሃስስ ኣይክእልን'ዩ።ኮይኑ ግን እቲ ንወለዲ ቅሳነት ዚኽልእን ንወላዲት ሃገሮም ተስፋ ዘቕርጽን ዘሎ፣ብዛዕባ እቶም ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓብዩ ዘለዉ መንእሰያት ኢዩ።ንሳቶም ካብ ህጻንነቶም ጀሚሮም እቲ ትኽክለኛ መስመር ባህሎምን መንነቶምን ብዘይ ምፍላጥ ይዓብዩ ስለ ዘለዉ ኢዩ።እምበኣር እዞም መንእሰያት እዚኦም ልክዕ ከም ሓንቲ "ኣብ መንነ ክልተ ኣኻውሕ ዝበቐለት ኣኺታ" ኣብ መንቀራቕሮ ዝተፋላለዩ ባህልታት ይርከቡ ኣለዉ። መንእሰያትና በቲ ኣብ መንነ ባህሊ ወለዶምን ማለት መበቆል ሃገሮምን ኣብ መንነ ባህሊ ናይቲ ብስደት ዝነብሩሉ ዘለዉ ሃገርን ዘሎ ብዙሕ ፍልልያት ኣብ መንቀራቕሮ ይነብሩ ከም ዘለዉ ንኹሉ ብሩህ ስለ ዝኾነ፣መንእሰያትና ካብዚ ስነ-ኣእምሮዊ ስንብራት'ዚ ብኽመይ ክላቐቕ ይኽእሉ መፍትሒ ንምርካብ ካብ ማይ ባሕሪ ብጭልፋ ሓሳባተይ ከካፍል እደሊ።

እቶም ንመንእሰያት ኣብ ምጻብቦ ሒዞሞም ዘለዉ ክልተ ኣገደስቲ ነገራት፣ ሀ. ባህሊ **ወለዲ** ለ. መንእሰያት ኣብ ስደት ዘማዕበሉዎ **ከባብያዊ ባህሊ** ኢዮም። ነቶም ወለዲ ዝደልዩዎን መንእሰያት ዝኽተልዎን ጠንቂ ናይ መፋላለዩ፡ዝኾኑ ዘለዉ እምበኣር ካብ ብዙሕ ብውሑዱ እዞም ዝስዕቡ እጠቅስ።

1.ኣብ መንነ ወለድን ደቅናን ዝተፈላለየ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ስለ ዝህሉ፣እቲ ንቕሓት'ውን ብእኡ መጠን ስለ ዝፈላለ፣እቲ ካብ ወለዲ ነቶም መንእሰያት ዝወሃብ ምኽርን ማዕዳን ተግሳጽን እቶም መንእሰያት ዝተሓተ ግምት ስለ ዝህብዎ ኣድማዒ ኮይኑ ኣይረኤን።

2.ወለዲ ከምቲ ኣብ ዓዲ ኣተዓባብያኦም፣ደቆም'ውን ካብ ባህሊ መበቆል ሃገሮም ከወጹ ስለ ዘይደልዩ።

3.መንእሰያት በቲ ዝዓብዩሉ ዘለዉ ከባብያዊ ባህሊ ዓቢ ጽልዋ ስለ ዝሓድሮም ካብኡ ከላቐቁ ኣይደልዩን ኢዮም።

4.መንእሰያት ካብ ናይ ወለዶም ምኽርን ማዕዳን ብዝያዳ ናይ መዘናኣምን ደቂ ቤት ትምህርቶምን ስለ ዝዓዘም ንናይ ወጻእተኛታት መዛንኣም ምኽሪ ዝዓበየ ሚዛን ብምሃብ ከተግብሩ ስለዝደልዩ።

5. መንእሰያት ነቲ ኣብ ኣከባቢኦም ዘማዕብልዎ ባዕዳዊ ባህሊ ከም መሰልን ዲሞክራሲን ኪወስድዎ ከለዉ፣ወለዲ ግን ምስ ባህሎም ዘይቃዶ ብምኺኑ ከም ስድነትን ካብ ስነ-ስርዓት ወጻኢን ስለ ዝወስድዎ ኢዩ።

6. ወለዲ ንደቆም ካብ ሕጻንነቶም ጀሚሮም ኣብ ከንዲ ባህሊ ሃገሮምን መንነቶምን ከም ዝፈልጡ ብምግባር፣ቅኑዕ መስመር ዘትሕዝዎም፣ዲሞክራሲ ብዝብል ሽፋን ብሕንቃቕን ስድነትን ምስ ዓበዩ ማለት ነገር ምስ ሳዕረረ፣ክእርምዎም ኣብ ዝቃለሱሉ ግዜ ምፍጣጥ ይጅምር።ነዚ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ከይፍጠር ከኣ ኢዮም ወለዲ "ከይኮነ ወግን ከይተሰብረ ጸግን" ዝብሉ።

እምበኣር እቶም ጠንቅታት ብውሑዱ እዞም ዝተዘርዘሩ ኮይኖም፣እቲ ኣብ ወለድን ደቅናን ዝስዕብ ገለ ካብቲ ዘጋራጩ ሓሳባትን ተግባርን ድማ መንእሰያት ብፍላይ ኣብ ናይ ጉብዝና ዕድመ ምስ በጽሑ ዝመጽእ ሳዕቤናት'ዩ።ንሱ ከኣ ኣወዳት ብወጻእተኛታት መሓዙቶም ተታሊሎም ምስ ባህሊ ወላዲት ሃገሮም ዘይቃደዉ ዘይተደለይቲ ዕጸ-ፋርሳት ናይ ምውሳድ ልማድ ዝንባሌ ዘማዕብሉ ክህለዉ ይኽእሉ ኢዮም።ኣዋልድ ድማ ዓቕመ-ኣዳም ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ ዓርኪ ናይ ምርካብ ተፈጥሮኣዊ ግዴታ ኣለወን።ከም ኣጋጣሚ ሓደ ወዲ ሃገረን እንተ ዘይረኺበን ግን ምስ ዝኾነ ካልእ ዜጋ ዕርክነት ወይ ርክብ ኪገብራ ብወለድን ባህሊ ሃገሮምን ተቐባልነት ስለ ዘይረኽባ ተቓውሞ ይጅምር።እዘን መንእሰያት እዚኤን ባህሊ ወለደንን ሃገረንን ብዕምቆት ተረዲኤናኦ እንተ ዘይጸኒሐን ከኣ ኣብ መንነ ወለድን እተን መንእሰያትን ዓቢ ዘይምስምማዕ ጋግ ይፍጠር። መንእሰያትና ብወለዲ ተቐባልነት ዘይረኽባሉ ካልእ ምኽንያታት፣ ምስ ወጻእተኛታት ምምሕዛወን ጥራሕ ኣይኮነን፣ሓደ ሓደ ናይ ጸቢብ ብሓሬተነት ኣተሓሳስባ ዘለዎም ወለዲ'ውን ኣይሰኣኑን ኢዮም።ምኽንያቱ እታ መንእሰይ ዋላ ወዲ ሃገራ'ውን ኮይኑ ንዘይወዲ ኣውራጃኣ እንተ ተማሓዘወት ዘይ ወዲ ኣውራጃኣ ብምኺኑ፣ካብኡ ክትላቐቕ ካብ ወለዳ ዝመጻ ተቓውሞ'ውን ኣይሰኣንን'ዩ።

ሽግር ናይዞም መንእሰያት በዞም ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ጥራይ'ውን ዝውዳእ ኣይኮነን፣ገለ ወለዲ በዚ ኣብ መንነ ኣብያተ ክርስትያናት ወሪዱ ዘሎ ምክፍፋላት፣እቲ ቁምን ቅርሕንትን ኣብ ወለዲ ጥራይ ተወሲኑ ከይተርፍ፣እቶም ኣብተን ዝተፋላለያ ኣብያተ ክርስትያናት ዝርከቡ መንእሰያት ከም ደቂ ሓንቲ ሃገር መጠን ብመውስቦ ተኣሳሲሮም ኣብ ቁም ነገር ከይበጽሑ ዕንቅፋት ዝኾኑ ወለዲ'ውን ኣለዉ።

እሞ እዞም ኣብ መንነ ክልተ ባህልታት ተቐርቂሮም ዘለዉ መንእሰያት ነዚ ኩሉ መሰናኽላት በዲሆም፣ብከመይ ኣብ መርዓን ደርዓን ኣብ ሓዳርን ቁም ነገርን ይብጽሑ?

ብወገነይ ከም መፍትሒ ዝቐርብ ሓሳብ፣

1.**ጽቡቕ ባህሊ ናይ ሓንቲ መበቆል ሃገር** ብኹሉ ኩነታቱ ንሕይወት ሕብረተሰብ ዝሰርዕ፣ቀንዲ ዋሕስ መንነት ናይቲ ህዝቢ ብምኺኑ፣ኣዚዩ ክቡር ጸጋ። ባህሉ ዝፈልጥን ዝዕቅብን ሕብረተሰብ መንነቱ ዓቂቡ ኣብ ዝተደልየ ቁም ነገር ከም ዝበጽሕ ዘጠራጥር ኣይኮነን፣ስለዚ ወለዲ ብቀዳምነት ደረጃ ኪሰርዕዎ ዘለዎም፣ባዕዳዊ ባህሊ ነቲ ዘሕብን ባህልና ካብ ምብራዝ ሓሊፉ መተካእታ ንባህሊ ወላዲት ሃገሮም ክኸውን ከም ዘይክእል ናብ ደቆም ምስራጽ'ዩ።ህዝቢ ኤርትራ ልዑል ፍቕሪ መበቆሉ ዘለዎ፣ብመንነቱ ዝሕበንን ዝኾርዕን ህዝቢ ምኺኑ ደቅና እንተድኣ ተረዲኦም፣እዚ ብናይ ኣከባብያዊ ባህላዊ ዕብለላ ኣብ ስደት ዘጋጥሞም ዘሎ መሰናኽላት በዲሆም ከም ዝሰግርዎ ዘጣራጥር ኣይኮነን።እዚ ኪኸውን ዘለዎ ድማ ከምቲ ምሳሌ ኣቦታትና **"ቆልዓ ብንኡሱ ቆርበት ብርሑሱ" ኢዩ።**

2. *"ንቆልዓ እታ ኪኸደላ ዚግበኦ መንገዲ ኣላምደ እሞ ምሱእ ህይወቱ ካብኣ ኣየላግስን'ዩ"* ***ምሳ/22፡6*** ዝብል ቅዱስ መንፈሳዊ መልእኽቲ ካብ ወለዲ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ኪረኽብዎ ኣለዎም።ከመኡ'ውን ነታ *"ካብ ሕጻንነትካ ጀሚርካ ነተን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትፈልጠን ኢኻ።ንሳተን ንክርስቶስ ኢየሱስ ብምእማን ናብ ምድሓን ኪብጽሕ ዚኽእላ ጥበብ ኪህባኻ ይኽእላ ኢየን"* ***2ይ ጢሞ/3፡15*** ስለዚ ነተን ብስጋዊን መንፈሳዊን ናብ ምድሓን ኪብጽሓ ዚኽእላ ጥበብ እንተድኣ ኣፍሊጥናዮም እታ " ኣቱም ውሉድ፣ ቅኑዕ ኢዩ'ሞ ንወለድኹም ብጎይታ ተኣዘዝዎም።ከመይ ምእንቲ ኪቕንዓካ፣ኣብ ምድሪ ከኣ ነዊሕ ዕድመ ምእንቲ ኪህልወካ" ዚብል ተስፋ ዝሓዘ ቀዳማይ ትእዛዝ "ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር" ዚብል ኢዩ ***"ኤፌ./6፡1-3*** ነዚ ኣምላኻዊ ትእዛዝ፣ብምርዳእ ሓንጎፋይ ኢሎም ንትእዛዛት ወለዲ ኪቕበልዎን ከኽብርዎን ኢዮም።እምበኣር ደቅና ብሞራልን ብግብረ-ገብነትን ብመንፈሳዊ ኣስተምህሮታትን ተኾስኩሶም እንተድኣ ዓብዮምን ድልዱል መሰረት ጸኒሑዎምን ናይ ወለዶም ትእዛዝ ኣኽበርትን ትሑታትን ብምኺን ኣብ ኣከባቢኦም ንዘጋጥሞም መሰናኽላት በዲሆም ከም መፍትሒ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ ኢዮም።

3.ከም ኣብነት እዘን ኣብ ምብራቕን ምዕራብን ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከባ ብመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ዝምእከላ ኣብያተ ክርስትያናት ዝቅጽል ዘሎ ዓመታዊ ናይ መንእሰያት ዑደት(youth retreat) ኣብ ርእስ'ቲ መንእሰያትና ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሃይማኖት ዘለዎም እምነትን ፍልጠትን ምዕማቕ፣ሓሳብ ንሓሳብ ልውውጥ ምግባርን ብኡ ኣቢሉ ነንሓድሕዶም ብምፍላጥን ጥቡቕ ዝምድና ብምግባርን ኣብ ቁም ነገር ናይ ብቃል ኪዳን ምትእስሳርን ባህሎም ናይ ምዕቃብን ተኽእሎ ከም ዘሎ ዓቢ ተስፋ ዘለዎ መደብ ስለ ዝኾነ ካልኦት ኣብያተ ክርስትያናት'ውን ነዚ ጽቡቕ ኣብነት ክኽተላኦ የድሊ።

4 ወለዲ ካብቶም ነቲ ህዝቢ ዝፈላልዩ ዘለዉ ድሑር ዝንባሌታት ናይ ኣውራጃ፣ቀቢላ፣ዓሌት፣ወገን፣ፍልልይ ሃይማኖት፣ፖሊቲካ ኣወጊዱ ኩሉ ኤርትራዊ ተጠርኒፉ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ በቢክፍለ-ሃገራት (ስቴትስ) ሓደ ማሕበረኮም ምስ ዘቕውም ንመንእሰያትና ዘራኽብን ዘላልን ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ስለዝኾነ ኩሉ ኤርትራዊ ተረዲኡ ኪደፍኣሉ ኣለዎ።ብፍላይ በዚ ኣብ ግዜና ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ኣብያተ ክርስትያናት ምፍንጫል፣እምነትን ፖለቲካን ፈሊና ክነለሊ ኣፍልጦ ስለ ዝነድለናን እቶም ዝፈልጡ'ውን ብስጋዊ ስስዕቲ ስለ ዝዕብለሉን ኢዩ።

ምኽንያቱ ፖሊቲካ፣ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣካል መንግስቲ ወይ ሰልፊ፣ህዝቡ ንምምሕዳር ዝጥቀመሉ ኣገባብ ወይ መምርሒ'ዩ።ሃይማኖት ወይ እምነት ግን ንውልቀ-ሰብ ጥራይ ዝምልከት ኮይኑ፣ምስ ኣምላኹ ብጾምን ጸሎትን ዝራኽበሉ ሓቀኛን ቅኑዕን ናብ ናይ ዘልኣለማዊ ህይወት ዝመርሕ መንገዲ ኢዩ።ሃገር ድማ ንኹሉ ኤርትራዊ ፣ኤርትራ ሃገሩ መዳሕንቱ እተቕብረትላ መበቆሉ ኢያ።ከምቶም ሕሉፋት ኤርትራውያን ንምምሳል ብኣፎም ዝሸቕጡ ዘይኮነ ንሓደ ኣይትቕርቦ ንሓደ ኣይትሕቆ ንኹሉ ማዕረ ኢያ እትብጸሖ።ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎ ከኣ ሃገሩ ክጠልምን ኪኽሕድን ዘይሕሰብ'ዩ።እምበኣር ነዚ ኣብ መንነ ፖሊቲካን ሃይማኖትን ዘሎ ፍልልያት ኣነጺርካ ወይ ፈሊኻ ዘይምርኣይ ጉድለት ትምህርቲን ብቕዓት ዘይምህላውን ጥራይ ዘይኮነ፣ካብ ፍትወት ስጋን ዘይተረጋገጸ ፍርሕን ዝተላዕለ'ውን ነታ ብመንፈስ ዘልኣለማዊ ናይ ድሕነት ህይወት እትህበካ እምነትን ቀኖናኣን ጎደፋ ከዲንካ ኣብ ፖሊቲካ ተጸጊዕካ ኣንጸር'ቶም ሓቀኛ ኣመንቲ ሕሱር ወረ ምንዛሕ ካብቲ ንህዝብና ዝፈላልዮ ዘሎ ጠንቂ ምኺኑ ንኹልና ንጹር ኪኸውን ኣለዎ።ካብ ኩሉ እቲ ዘሕዝን ከኣ እቶም ብመንፈሳዊ ትምህርቲ ብሱላት ዝበሃሉ ነቲ ብምሉእ ልብና ብቕንዕና ንኣምላኽና ከነገልግል ኢና ኢሎም ቃል ብምእታው ዝተዋህቦም ማዕርግ ዕሽሽ ብምባል ነቲ ሓቅን ቅኑዕ መስመር ሒዙ ዘሎን እናፈለጥዎ ብናይ ዓለማዊ ስስዕቲ ኣእምሮኦም ተደፊኑ፣ግዙኣት ናይ ስጋኦም ብምኺን ኣንዳዕዲኦም ናብ ጸጋም ከልግሱ ከለዉ ኢዩ። ገለ ምሁራት ተበለጽቲ ድማ ነታ "በዓል ወይ ስራሕ ኪሳብ ዚረጋገጽ ኣብ ዓሚቕ ጽመድ" ዝብል ምሳሌ ኣበው ዝኽተሉ ኢዮም።እዚ ምሳሌ'ዚ ግን ምስ እምነት ዝኽይድ ኣይኮነን፣ነቶም ከምዚኦም ዝበሉ መርገጽም ከየነጸሩ ማእከላይ መርገጽ ሒዞም ዝጓዓዙን ግዜ ዝጽበዩን ከኣዩ ኣምላኽ "ግብርኻ ኩሉ እፈልጦ ኢየ፣ኣይዝሑል ኣይምዉቕ ኢኻ፣ብኻ ዝሑል ወይ ምዉቕ ምኾንካ።ስለዚ ኣይምዉቕ ኣይዝሑል፡ልብጥ ዝበለ ስለ ዝኾንካ ካብ ኣፈይ ጡፍ ክብለካ ኢየ" ዝበሎም ***ራእይ ዮሓ/3፡15-16*** ካብዚ የድሕነና።

ካብ ከምዚ ዝበለ መርገጽ ዘለዎም ሰባት ብምብጋስ ኢዮም እምበኣር ወለዲ "ፈራሕ ኣይሞተ ተባዕ ኣይሞተ ላንግላንጋ ሞተ" ዝብልዎ። ክቡራት ህዝበ-ክርስትያን እዞም ነታ ሓቂ እናፈለጡ ማእከላይ መርገጽ ሒዞም ላንግላንጋ ዘለዉ ብፍትውት ስጋኦም ስለ ዝኾኑ፣ሓዋርያ ያዕቆብ "መሪር ቅንእን ንዓይ ይጥዓመኒ ዚብል ስምዒትን ኣብ ልብኹም እንተ ኣሎኩም ኣይትመክሑ፣ንሓቂ'ውን ኣይትጻረርዋ" ***ያዕ/3፡14*** ይብል። ምኽንያቱ ነዛ ዝጥቀሙላ ዘለዉ ናይ ኣጽቂጥካ ግዜ ምሕላፍ "ጥበብ" ሓዋርያ ያዕቆብ "እዚኣ ምድራዊትን ስጋዊትን ሰይጣናዊትን እያ እምበር ካብ ሰማይ ዝወረደት ኣይኮነትን።ከመይ ኣብቲ ቅንእን ንዓይ ይጥዓመኒ ዚብል ስምዒትን ዘለዎ፣ኣብኡ **ምፍራስ ስርዓትን** ኩሉ እከይ ግብርን ኣሎ"**ያዕ/3፡15-16** ይብል።ቀዲሉ'ውን "ኣቱም ከሓድቲ፣ንዓለም ምፍቃር ንኣምላኽ ምጽላእ ከም ዝኾነ'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እቲ **ዓርኪ ዓለም** ኪኸውን ዝደሊ ሰብ ጸላእ ኣምላኽ ይኸውን"**ያዕ/4፡4** ይብሎም ።ሓዋርያ ጳውሎስ ድማ ናብቶም ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ ኣብ ዝጸሓፎ "መወዳእትኦም ጥፍኣት'ዩ፣ኣምላኾም ከብዶም'ዩ፣ክብረቶም'ውን ኣብ ነውሮም'ዩ፣ሓሳቦም ከኣ ምድራዊ ኢዩ" ይብሎም **ፊልጵ/3፡19**

ክቡራት ወለዲ ፣ እምበኣር ናብቲ ቀንዲ ሓሳበይ ክምለስ፣ባህሊ መበቆል ሃገሮም ስሒቶም ሕማቕ ባዕዳዊ ባህሊ ዘማዕበሉን መኣዝን መጻኢ ህይወቶም ዝሰሓቱን ውላድ እንተድኣ ኣሊዮሙና፣ ብዘለዎም ሕማቕ ኣመል ክቕጽሉ ምሕዳጎም፣ማለት እቲ ግዜ ዝወሰደ ኣመል ኪሓድግዎ ኣይክእሉን ኢዮም ኢልካ ሸለል ምባል፣ ኣብ ናይ ገለ ገለ ወለዲ ኣተሓሳስባ ዝሰረጸ ግጉይ ኣምር ይረኤ ኢዩ።ካብዚ ብምብጋስ'ውን ወለዲ "ኣመል ምስ መግነዝ" ዝብል ምሳሌ ንሕማቕ ኣመል ከም ምስኡ ዝተወልደ ከግደፍ ዘይከኣል ኣካል ባህሪኡ ብምውሳድ ተስፋ ዝቕርጹ ውሑዳት ኣይኮኑን።ከነስተውዕሎ ዘሎና ግን "ስዕረት ግዜያዊ ምኺና፣እታ ግዜያዊ ስዕረት ግን ቀዋሚ እትኸውን ኢድና ምስ እንህብ ጥራይ ኢዩ" ኣብ ግዜያዊ ስዕረት ኢድካ እንተ ዘይሂብካ ኣብ ዓወት ከም እትበጽዕ፣ሓደ ዓቢ ኣብነት ኪኾነና ዝኽእል ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ዝተገብረ ብሻዱሻይ ወራር ዝፍላጥ ዓርሞሺሽ ወራር ኢዩ።ሰራዊትና ብግዜያዊ ስዕረት ኢዱ ብዘይምሃቡ ኣብ ናይ ነጻነት ዓወት ኣብጺሑና።ስለዚ ውላድና'ውን ብናይ ኣከባቢያዊ ጽልዋ ዘማዕበሎም ሕማቕ ኣመላትን ወልፍታትን ብሃናጽን ኣወንታውን ዝኾኑ ልምድታት ከም ዝትከኦም ብምግባር፣ናብ ንቡር ክምለስን ዕዉት ናብራ ክመርሕን ዘይሕለል ጻዕሪ ወለዲ የድሊ።ውላድና ዘማዕበሎ ሕማቕ ኣመል ንኺበትኽ ናይ ኣትሓሳስብኡ መኣዝን ክልውጡ ብዝኽእሉ ሓደስቲን ሃነጽትን መደባት ብምውጻእ ኣንፈት ጉዕዝኡ ናብ ዓወት ከም ዘምርሕ ምግባር ኢዩ።ንሱ ከኣ ሓንጎሉ ብሃነጽቲ ኣተሓሳስባታት ናይ ብሩህ መጻኢ ኣመልኻኽታ ከም ዝህልዎ ምኹስኳስ ኢዩ።ልክዕ'ዩ እቲ ኣብ መንእሰይ ዝሰረጸ ሕማቕ ኣመል መጠን'ቲ ኣብ ህይወቱ ዝሰደዶ ሱር፣ንምቁራጹ ከቢድ ዋጋን ጻዕርን ይሓትት ይኸውን፣ከቢድ ካብ ምኺን ሓሊፉ ግን ዘይከኣል ኣይኮነን።

ወላዲ ንውላድካ ካብ ሕማቅ ኣመሉን ጌጋኡን ንምእራምን ንምምላስን ክትምዕዶን ክትመኽሮን ከሎኻ ካብቲ ውላድ ቁጠዐ እንተ ኣንጸባረቕ፣ ብህድኣትን ብምስትውዓልን ከተዕግቦ ፈትን፣ውላድካ ካብ ጌጋኡ ንምምላስ እትገብሮ ኣተኣላልያ፣ልዕሊ ዓቕምኻ እንተ ኮይኑ ብሓሳብን ብጸሎትን ኪሕግዙኻ ንዚኽእሉ መንፈሳዊ ኣቦ ወይ እሙን ለባም ዓርኪ ምክፋል ሓጋዚ ኢዩ።እንተ ዘይኮነ" ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ" ከይኮነካ።

እምበኣር ኣብ ደቅና ዝረኤ ጌጋታት፣ባህሊ ወለዶም ስሒቶም ባዕዳዊ ባህሊ ብምኽታሎም ስለ ዝኾኑ፣ናይ ምዕራባዊያን ባህሊ ድማ ነቲ ዘሕብን ባህልና ካብ ምብራዝ ሓሊፉ መተካእታ ንባህልና ኪኸውን ከም ዘይክእል መንእሰያትና ከም ዝፈልጡ ምግባር ናይ ወለዲ ሓላፍነት'ዩ።

ኣብ መደምደምታ ንመንእሰያትና እትወሃብ መንፈሳዊ ምዕዶ፣መንእሰይ!! "ኣብ ኩሉ ተግባርካ ንእግዚኣብሔር ሕሰብ፣ንሱ ከኣ ነታ ቅንዕቲ መገዲ ኬርእየካ ኢዩ። "እፈልጥ ኢየ" ኢልካ ኣይትጀሃር፣ንእግዚኣብሔር ፍራሕ፣ካብ ክፉእ ረሓቕ፣እዚ ንስጋኻ ፈውሲ፣ነዕጽምትኻ'ውን ኣንኑዕ ኪኾነካ ኢዩ" **ምሳ/3፡6-8**

ብቕኑዕ ልቦና ዝጋደል ብሓይሊ ኣምላኽ ይዕወት።

ጸጋ ኣምላኽን ሰላሙን ምስ ኩልና ይኹን። ኣሜን ክኾኑለይ ኢየ ዝምነ ብማለት ንሓደ ጽቡቕ ነገር መንፈሳዊ ቅንኢን ትምኒትን ክህልዎም ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ፣ ኪንዮው ትምኒትን መንፈሳዊ ቅንእን ንትግባረ "ድሌት" ክህልወና ኣለዎ። ምኽንያቱ ክቱር "ድሌት" ናብ ትግባረ ዘሳጋግር ዘቃጽል ስምዒት'ዩ። "ድሌት እንተ'ሎ ከኣ መንገዲ ኣሎ" ልዑል ኣምላኽ ንናይ ነብሲ-ወከፍ ስድራ-ቤት ጽቡቕ ትምኒትን መንፈሳዊ ቅንእን ንምትግባር ምትሕብባሩን ጸጋኡን ኣይፈለየና። ኣሜን!!!

መንፈሳዊ መግቢ

ስለ ምንታይ ኢና!

ስለ ምንታይ ኢና! ሓቂ ክንዛረብ ብጣዕሚ ዝኸብደና? ሓሶት ንምዝራብ ግና ዝቕለልና።

ስለ ምንታይ ኢና! ኣብ ግዜ ጸሎት ብጣዕሚ ንታኸስ? ጸሎት ምስ ተወድአ ግና ሃንደበት ንነቅሕ።

ስለ ምንታይ ኢና! ቃል ኣምላኽ ክንዛረብ ብጣዕሚ ዘሰክፈና? ነውርን ቅለትን ክንዛረብ ግና ደስ ዝብለና።

ስለ ምንታይ ኢና! መንፈሳዊ ጽሑፋት ከነንብብ ብጣዕሚ ዝደኽመና? ልበ ወለድን ካልእ ጽሑፋትን ከነንብብ ግና ዝሰልጠና።

ስለ ምንታይ ኢና! ኣብ ግዜ ምህለላ ቀልጢፍና ንደክም? ኣብ ጓይላ ግና ነዊሕ ሰዓታት ንጸንሕ።

ስለ ምንታይ ኢና! ንኽንጻላእ ኣዚና ንህወኽ? ክንዕረቕ ግና ነዊሕ ግዜን መንሳኛ ሰብን ዘድልየና።

ስለ ምንታይ ኢና! ንመንፈሳዊ ጻውዒት ቤተ ክርስቲያን ንሕሰም? ኣብ ኣኼባ ፖለቲካ ግና ከይተጸዋዕና ንኸይድ።

ስለ ምንታይ ኢና! ኣብቲ ክቡርን ሰማያዊ ነገርን ዘይንተግህ? ኣብቲ ሕሱርን ምድራዊ ነገርን ግና ብዝያዳ ንስስዕ።

ብዛዕባ እዚ ኣጸቢቕና ንሕሰብ!!!

ካብ መጽሔት ብሥራተ ገብርኤል ኒው-ዮርክ

Sayings of the Church Fathers

Even though there is only one baptism for the whitening of stains, yet there are two eyes which, when filled with tears, provide a baptismal font for the limbs. For the Creator knew well beforehand that sins multiply in us at all times, and though there is only a single baptism, he fixed in the single body two fonts that give absolution.

St. Ephraim the Syrian

"Every good work which we perform through our own natural power causes us to refrain from the corresponding sin; but without grace it cannot contribute to our sanctification."

St. Mark the Ascetic.

Older Christians

"The silver-haired head is a crown of glory, if it is found in the way of righteousness."
+ Proverbs 16:31

God has placed older believers as a lighthouse for those of us who live around them. Many of them were youths in their prime, but have grown grey by their consistent practice of self-control and restraint... The only love they tasted was that of wisdom. This isn't because their natural instincts were different from everyone else's, for all "flesh lusts against the Spirit." But they listened to those who said self-control "is a tree of life to them that lay upon her." They sailed across the swelling storms of life, as though on a boat, and anchored themselves in the haven of God's will. After such a fortunate voyage they are enviable as they rest their souls in sunny, cloudless calm. They now ride safely, anchored by a good hope and far out of reach of the storm's tumult, and for other who follow, they radiate the splendour of their lives like fires on a high watch-tower. Indeed, we have a signal to guide us safely over the ocean of temptations. Why ask the too curious question whether or not such people have fallen? Why despair as if the achievement was beyond your reach? Look at the one who has succeeded and boldly launch out on your voyage with confidence that it will be prosperous. Sail on under the breeze of the Holy Spirit with Christ your Pilot and with oars of good cheer.

St. Gregory of Nyssa

I call upon You, O God

I call upon You, O God, my mercy; You who created me and did not forget me when I forgot you. Let me know you, for you are the God who knows me; You are the power of my soul, come into it and make it fit for yourself.
I beg You to come into my heart, for by inspiring it to long for you, you make it ready to receive You.
Now as I call upon You, do not desert me, for You came to my aid before I called You. When I was far from You, You persuaded me to listen to Your voice, to turn back to You.
I called upon You for help, but all the time it was You who were calling me to Yourself. You blotted out all my sins and did not repay me with the punishments I deserved.
I was nothing; You need not have given me being; before I was You were; You had no need of me. My service has not the value of a countryman's who tills his master's land, for if I do not serve You with my labor, Your work still bears fruit.
I can only serve You and worship You with the good that comes from You. It is from You alone that I receive it, for but for You I should have no being.

Augustine, Soliloquies
Taken From: Daily Readings with St. Augustine

ዓቢይ ጾም

ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ሸውዓተ ኣጽዋማት ኣለዉዋ። ንሳቶም ድማ ጾመ ነቢያት፡ ጾመ ነነዌ፡ ዓቢይ ጾም፡ ዓርበ ረቡዕ፡ ጾመ ገሃድ፡ ጾመ ሓዋርያትን ጾመ ፍልሰታን ይበሃሉ። እግዚኣብሔር ንኣቦና ኣዳም ብኽብሪ ፈጢሩ ኣብ ገነት ምስ ኣቐመጦ ናይ መጀመርታ ዝሃቦ ትእዛዝ ጾም እዩ። ከምዚ ዝስዕብ እናበለ ድማ ኣዘዘ። **"ካብ ፍረ እቲ ኣብ ገነት ዘሎ ኦም ኩሉ ብላዕ ። ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ"** በሎ። እምበኣር ኣጽዋማት ዝተሰርዐ ምእንቲ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ከነኽብርን ሓይሊ ስጋና ብትዕግሥቲ ከነድክምን እዩ። ዘፍ 2፡17።

ዓቢይ ጾም ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ኣብ ገዳመ ቆሮንቶስ ከይዱ 40 መዓልትን 40 ለይትን ዝጾሞ እዩ። ዓቢይ ዝተባህለሉ ምኽንያት ድማ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ክንሱ ዝጾሞን ነቲ ቀንዲ ጸላኢና ሰይጣን ብሰለስተ ዓበይቲ ፈተናታት ስለ ዝሰዓሮን እዩ። ንዓና ድማ ብኹሉ ግብሩ ብቑዕ ኣርኣያን ትምህርትን ብምኳን ኣሰሩ ክንከተልን ትእዛዙ ክንሕሉን ሕድሪ ሃበና።

ኣብ እዋን ዓቢ ጾም ዓቢይ ጸላኢ ዲያብሎስ ከም ዘሎን ዓበይቲ ፈተናታት ከምጽእ ዝኽእል ምኳኑ ኩልና ክንፈልጦን ኣገዳሲ ነገር እዩ። 1ጴጥ 5፡8።

ብዙሓት ቅዱሳን ኣቦታት ብመገዲ ጾምን ጸሎትን ንሕቶኦም መልሲ ንሕማሞም ከኣ ፈውሲ ረኪቦም እዮም። ንሕናውን ሠናይ ግብርን ንጹህ ልብን ሒዝና ብእምነት እንተጾምና ዝደለናዮ ኩሉ ክንቅበል ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ **"ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስ ምስጋና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ"** ስለ ዝበለና። ፊሊ 4፡4። እምበኣር ዝኾነ ክርስቲያን ዓቢይ ጾም ኽጸውም ከሎ ኣዋጅ ቤተ ክርስቲያን ስለዝኾነ ወይ ብልምዲ ኣብ ዓመት መጸ ዝግበር ዘይኮነስ ክርስቶስ ዝጀመሮ ዓቢይ ናይ ዓወትን በረኸትን ትእዛዝ ብምኳኑ ካብ መግብን መስተን እናጾምና ነዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ዝርዝራት ምስ መንፈሳዊ ምንባባት እናኣዛመድና ክንትግብሮም ጥቓሚ እዩ።

ኣገባብ ጾምና ነዚ ንከተል !

1. ኣፍ ይጹም ካብ ምዝራብ መርገም፡- "ኣሕዋተየ እቲ ንሰማዕቱ ንበረኸት ዚኸውን ከከም ዜድልዮም ከኣ ኪሓንጽ ዚኽእል ሠናይ ዘረባ ደኣ ተዛረቡ እምበር ዘይጠቅም ዘረባስ ካብ ኣፍኩም ኣይውፃእ። ኤፌ 4፡29 ብእኣ ጌርና ንጎይታናን ኣቦናን ነመስግን፡ ብእኣ ጌርናውን ነቶም በምሳል ኣምላኽ ዝተፈጥሩ ሰባት ንረግም። ካብ ሓደ ኣፍሲ ምስጋናን መርገምን ይወጽእ። ኣሕዋተየ እዚ ከምዚ ክኸውን ኣይግባእን እዩ። ያዕ 3፡9 ቆላ3፡8

2. ዓይኒ ይጹም ካብ ምርኣይ ሕሱም፡- ኣነ ግና ንጓል ኣንስተይቲ ርእዩ ዚትምነያ ኹሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ እብለኩም ኣሎኹ። የማነይቲ ዓይንኻ እንተ ኣስሓተትካ ካባኻ ጎጥኡጥካ ደርብያ። ብዘሎ ኣካልካ ናብ ገሃነም ካብ ዚኣቱስ ሓንቲ ዓይንኻ እንተ ጠፍኣት ይሕሸካ። ማቴ 5፡28። ዓይኒ ብምርኣይ ኣይትጸግብን እዝኒ ኸኣ ብምስማዕ ኣይትመልእን እያ።

3. እዝኒ ይጹም ካብ ምስማዕ ንዓለም፡- ንሳቶም ካብ ዓለም እዮም ከም ኣዘራርባ ዓለም ከኣ ይዛረቡ ኣለዉ። ዓለም'ውን ትሰምዖም ኣላ።ንሕና ካብ ኣምላኽ ኢና ንኣምላኽ ዚፈልጥ ይሰምዓና። እቲ ካብ ኣምላኽ ዘይኮነ ግና ኣይሰምዓናን እዩ። ንመንፈስ ሓቅን ንመንፈስ ሓሶትን ከኣ በዚ ኢና እንፈልጦም። 1ዮሓ 4፡5 ። ብፁኣንሲ እቶም ንቓል ኣምላኽ ዚሰምዕዎን ዚሕልውዎን እዮም። ሉቃ 11፡28

4. ኢድ ይጹም ካብ ምፍሳስ ደም፡- የማነይቲ ኢድካ እንተ ኣስሓተትካ ካባኻ ቆሪጽካ ደርብያ ብዘሎ ኣካልካ ናብ ገሃነም ካብ ዚኣቱስ ሓንቲ ኣካል እንተ ጠፍኣት ይሕሸካ። ማቴ 5፡29። ንኣኻትኩምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኮይኑ ዚፈላልየኩምሲ ኣበሳኹም እዩ። ....ኣእዳውኩም ብደም ኣጻብዕኩም ብበደል ረኺሰን ኣለዋ። እከይ ንምግባር ትጎዩ ንጹሕ ደም ንምፍሳስ ትቀዳደሙ ሓሳብኩም እከይ እዩ። እምበኣር ተመለሱ።ኢሳ 59፡3

5. እግሪ ይጹም ካብ መገዲ ጸጋም፡- እንሆ ኣብ ቅድሜኹም ናብ ሕይወት እትወስድ መገድን ናብ ሞት እትወስድ መገድን ኣንብር ኣሎኹ። ኤር 21፡8 ኣብ ቀራና ጎደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ እቲ ጥንታዊ መገድታትን እቲ ጽቡቕ ጎደናን ኣየናይ ምኳኑ ሕተቱ እሞ ብኣኡ ትመላለሱ። ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም። ኤር 6፡16

6. ልቢ ይጹም ካብ ሓሳብ ሥጋ ድኹም፡- ነቲ እትገብርዎ ዝነበርኩም ኃጢኣት ደርብይዎ። ሓድሽ ልብን ሓድሽ ኣእምሮን ኣጥርዩ። ሕዝ 18፡31 ከዳንኩም ዝይኮነስ ልብኹም ደኣ ቅደዱ ይብል እግዚኣብሔር። ዩኤ 2፡13 ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ ብኣፉ መስኪሩውን ይድሕን። ሮሜ 10፡10 እቲ ካብ ኣፍ ዚወጽእ ካብ ልቢ እዩ ዝመጽእ እሞ ንሱ እዩ ንሰብ ዘርክሶ። ካብ ልቢ ኽፉእ ሓሳብ፡ ቅትለት፡ ዝሙት፡ ምንዝርና፡ ስርቂ፡ ብሓሶት ምምስካር ጸርፊ ይወጽእ እዩ እሞ እዚ እዩ ንሰብ ዘርክሶ። ማቴ15፡18። እምበኣር ሺሕ እኳ ሕጂ ንቕሩብ ግዜ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ክትሓልፉ ግዲ እንተ ኾነ በዚ ክትሕጎሱ ኢኹም። እዚ ኸኣ እታ እምነትኩም ሓቂ ከምዝኾነት ኬረድእ እዩ። 1ጴጥ 1፡6። ኢየሱስ ብዲያብሎስ ከም ዝተፈተነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ 40 መዓልትን ለይትን ምስ ጾመ እቲ ፈታኒ ሰይጣን ስለስተ ዓበይቲ ፈተናታት ኣቕረበሉ። ዝርዝረን ከኣ እንሆ፡-

1. ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኼንካስ እዘን ኣእማን እንጌራ ይኹና በል። ግናኽ ሕይወት ካብ መብልዕ፡ ሰብነት ድማ ካብ ክዳን ይበልጽ እዩ እሞ ብትበልዕዎን ብትኽደንዎን ኣይትጨነቑ። ንስኻትኩምሲ ቅድም መንግሥቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ እዚ ኹሉ ድማ ከውሰኽልኩም እዩ። ከም ዝበለ ቅዱስ ወንጌል ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ብትዕግሥቲ " ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወፅእ ቃል እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ" ዝብል ጥቕሲ ጌሩ ንሰይጣን ኣሕፈሮ።ማቴ 6፡33

2. ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኼንካስ እግርኻ ብእምኒ ከይትዕንቀፍ በእዳዎም ኪዖሩኻ ይእዝዞም'ዩ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ እሞ እስከ ንታሕቲ ጽደፍ በሎ። እግዚኣብሔር ንወዲ ሰብ ዝምርምር ኣእምሮን ዘስተውዕል ልብን ሂቡዎ እዩ። ዝኾነ ሰብ ድማ ንኣምላኽ ከመስግንን ክእዘዝን እምበር ግብሪ ኣምላኽ ክንዕቕን ንትእዛዙ ክፈታተንን ግቡእ ኣይኮነን። ከምቲ ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሔር ምስ ዝፈተንዎ 40 ዓመት ኣብ ምድረ በዳ ኮለል በሉ። ሰይጣን ድማ ንኢየሱስ ክርስቶስ እስከ ጽደፍ እናበለ ብትዕቢት ፈተኖ። ክርስቶስ ግና ወዲ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ብትሕትና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ ኢሉ መለሰሉ።

3. ተደፊእካ እንተ ሰገድካለይ እዚ ኹሉ ኹሉ ክህበካ እየ በሎ። ኣነ ሕያው እየ ይብል እግዚኣብሔር ኵሉ ብርኪ ኪሰግደለይ ኵሉ ልሳንውን ኣነ ኣምላኽ ምኳነይ ኪእመን እዩ።ሮሜ 14፡11 ይብል ቅዱስ ጽሑፍ። ደፋር ዲያብሎስ ግና ክሰግደሉ ንኢየሱስ ሓተቶ። ግናኽ እቲ ክፉእ ነገር ካብ ክፉኣት ስለ ዝወጽእ ደኣ እምበር ንሰይጣንሲ ክርስቶስ ጥራይ ዘይኮነ ኵሎም ቅዱሳት ኣቦታትውን ብሕሱር ግብሩ ረጊጸሞ እዩ። ኣብ ቅድሚ እዛ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ሰይጣን ይኽሕደካ ኣሎኹ ኢልና ወትሩ ከምንጽሊ ክርስቶስ ድማ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኻ ስገድ ንኣኡ በይኑ ድማ ኣምልኽ" ዝብል ጽሑፍ ኣሎ ኪድ ሰይጣን ኢሉ ገኒሑ ኣርሓቐ። ማቴ 4፡10። ስለዚ፡-

ሀ. ሰይጣን ፈተና ናይ ስስዕቲ ኣቕረበ ። ማቴ 4፡3

ክርስቶስ መልሲ ትዕግሥቲ ኣምጽኣ። ዘዳ 8፡3

ለ. ሰይጣን ፈተና ናይ ትዕቢት ኣቕረበ። ማቴ 4፡6

ክርስቶስ መልሲ ናይ ትሕትና ኣምጽኣ። ዘዳ 6፡16

ሐ. ሰይጣን ፈተና ኣፍቅሮ ንዋይ ኣቕረበ። ማቴ 4፡9

ክርስቶስ መልሲ ናይ መንኖ ጥሪት ኣምጽኣ። ዘዳ 6፡13 እምበኣር ኣብዚ ዓለም ፈተና ዘይብሉ ሕይወት የልቦን። ንዝኾነ ዓይነት ፈተና ድማ ይዕበ ይንኣስ፡ ይንዋሕ ይሕጸር ከይተጨነቕና ብጾምን ጸሎትን ምስ ክርስቲያናዊ ትዕግሥቲ እንተ ጾዊርናዮ በቲ ኣምላኽ ዝህበና ሓይሊ ንኹሉ ከም ንስዕሮ ርጉጽ እዩ። ጾምና ባሪኹ ኣብ ብርሃነ ትንሣኤ የብጽሓና!!!

ደቂቀ እንጦንዮስ ሕቡራት መንግሥታት ኣሜሪካ

DURING FASTING

"... As so I desire to fix three precepts in your mind so that you may accomplish them during the fast: (1) to speak ill of no one, (2) to hold no one for an enemy, and (3) to expel from your mouth altogether the evil habit of swearing. For if, as the harvester in the fields comes to the end of his labors little by little, so we too, if we make this rule of ourselves and in any manner come to the correct practice of these three precepts during the present Lent and commit them to the safe custody of good habit, we shall proceed with greater ease to the rest, and by this means attain to the summit of spiritual wisdom. And we shall reap the harvest of a favorable hope in this life, and in the life to come we shall stand before Christ with great confidence and enjoy those unspeakable blessings of which, God grant, we may all be found worthy through the grace of Jesus Christ our Lord, with whom be glory to the Father and to the Holy Spirit unto the ages of all ages. Amen.

St. John Chrysostom's "Concerning the

Editorial

Laziness: A Spiritual Pitfall

We must beware of spiritual laziness. If you feel you are not growing spiritually as you should perhaps you have become what the writer of the New Testament Holy Book of Hebrews refers to as lazy and "dull of hearing". Many confess to infrequent prayer times, lack of motivation to read each night from the Holy Bible, and having a general lack of interest in quality spiritual time.

How can one avoid these spiritual pitfalls and ensure their spiritual growth? In the Holy Book of Hebrews there are four points made to assist us to grow spiritually.

The first is to repent of laziness. "*of whom we have much to say, and hard to explain, since you have become dull of hearing. For though by this time you ought to be teachers, you need someone to teach you again the first principles of the oracles of God; and you have come to need milk and not solid food*" (Hebrews 5:11,12). We realize as Christians we are encouraged to continually grow spiritually striving toward perfection. Growth is a sign of spiritual life within each of us.

St. James said, "*Whoever knows what is right to do and fails to do it, for him it is a sin*" (James 4:17). This was written concerning a lapsed believer nearing the point of death, "Falling sick he continued three successive days dumb and senseless. Recovering a little on the fourth day, he called his grandchild to him and said 'Hurry, I entreat you, and absolve me quickly. Summon one of the presbyters to me.' The boy ran for the presbyter. But it was night and the presbyter was sick and was, as a result, unable to come. However, I had issued an injunction those persons at the point of death, if they requested it should be absolved in order that they might depart this life in cheerful hope. So the presbyter gave the boy a small portion of the Eucharist, telling him to steep it in water and drop it into the old man's mouth" Dionysius of Alexandria (c.262).

The point was to confess your shortcomings in nurturing your spiritual life timely without delay. In confession do not give yourself excuses such as too tired, not enough time, or spiritual time is not stimulating as it once was. Confess your laziness and adhere to the advice of your spiritual father.

The second step toward spiritual growth is exercising one's spiritual senses, in particular those of doctrinal matters. "*For everyone who partakes only of milk is unskilled in the Word of righteousness, for he is a babe. But solid food belongs to those who are of full age, that is, those who by reason of use have their senses exercised to discern both good and evil*" (Hebrews 5:13,14).

Irenaeus (c.180) taught, "A sound mindthat is devoted to piety and love of truth will eagerly meditate upon those things that God has placed within the power of mankind and has subjected to our knowledgeSuch a mind will advance in the knowledge of those thingsby means of daily study. I am referring to those things that fall under our observation and are clearly and unambiguously set forth in the sacred Scriptures in clear terms."

The Holy Bible surpasses all written material for personal devotional study. Nothing should be read in substitution of the Holy Bible. Additional spiritual readings should compliment those found within the Holy Bible. "*Blessed is the man whom You instruct, O Lord, and teach out of Your Law*" (Psalm 94:12). We should read the Holy Bible first and then in the time remaining Coptic religious books of our choosing. In this day and time the amount of published religious literature is enormous. There is not enough time to read everything published. The best method to discern what to read in addition to the Holy Bible is to read Coptic religious material. Commentaries on the Holy Bible, Divinity, Doctrine, Church History, and Saints abound. There is something Coptic suitable for any reader.

The third step is to diligently do well in all things such as service to others. "*For God is not unjust to forget your work and labor of love which you have shown toward His name, in that you have ministered to the saints and do minister. And we desire that each one of you show the same diligence to the full assurance of hope until the end, and that you do not become sluggish, but imitate those who through faith and patience inherit the promises*" (Hebrews 6:10-12).

Service is given great honor in Heaven and also on earth. "*If any man serve Me, let him follow Me; and where I am, there shall also My servant be; if any man serve Me, him will My Father honor*" (John 12:26). Father Bishoy Kamel said, "Those who serve diligently, with hearts full of joy and hope never despair, and have strong faith, the Lord will appear to them in the end."

Tertullian (c.200) spoke to serving the Lord, "Shall you escape notice when you sign your bed or your body? When you blow away some impurity? When even by night you rise to pray? Will you not be thought to be engaged in some work of magic...Render to Caesar, indeed money? Render to God yourself. Otherwise, what will be God's if all things are Caesar's?"

Fourth, steadfastly believe in the Lord Jesus Christ. "*This hope we have as an anchor of the soul both sure and steadfast, and which enters the Presence behind the veil [Heaven]*" (Hebrews 6:19). Through faith we attain the virtues of life. With faith we can progress toward perfection. "*Faith is the substance of things hoped for, the evidence of things unseen*" (Hebrews 11:1).

Clement of Alexandria (c. 195) wrote, "Faith, so to speak, is a comprehensive knowledge of the essentials. And knowledge is the sure and strong demonstration of what is received by faith. It is built upon faith by the Lord's teachings."

Cyprian (c.250) said, "The Kingdom of God is not in the wisdom of the world, nor in eloquence, but in the faith of the Cross and in virtue of living."

Justin, the martyr (c. 160) discouraged spiritual laziness and said simply, "Let it be understood that those who are not found living as He taught are not Christians-even though they profess with the lips the teachings of Christ."

May we all be found spiritually striving to live as He taught.

Bishop Youssef

Bishop, Coptic Orthodox Diocese of the Southern United States

The price of each News Letter is $1.00 plus shipping cost. To receive each edition contact us at the address given below. Write your checks to the "Eritrean Orthodox Tewahdo Diocese of North America".

Fenote-Berhan asks for your prayer, material and financial support!

ፍኖተ ብርሃን ብጸሎት፡ ብጽሑፋትን ብገንዘብን ኪትድግፍዋ ትጽውዕ!

ኣድራሻና

www.tewahdo.org

E-mail: fbnewspaper@tewahdo.org
Phone: (678) 894-4665
Fax: (770) 828-0646
Fenote-Berhan
P. O. Box 80814
St. Clair Shores, MI 48080
USA